ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.239 ረቡዕ 5 ሰነ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
"መሬት መሰረት መጻኢና፣ ዝበረሰ ናብ ንቡር ኩነታቱ ክንመልስ ታሪኽ ሓላፍነት ዘሸከሞ ወለዶ ኢና!"

ገጽ 3
ንዶናልድ ትራምፕ ዘገርሀት 'ፈኻስ' እትመስል ክሲ. . .?


ገጽ 5
ቀመር ህይወት


ገጽ 7
ሓጹርዶ ድልድል?


ገጽ 11
"ሕልመይ ጋህዲ ኮይኑ" ምባፐ


# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ መራሕቲ ሃገራትን ትካላትን ርክባት ኣካዪዱ





ኣብ ቀዳማይ ዋዕላ ደቡብ ኮርያን ኣፍሪቃን ዝሳተፍ ዘሎ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ትማሊ 4 ሰነ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ከተማ ኢልሳን - ምስ ፕረዚደንት ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ዶ/ር ኣኪናውሚ ኣደሲና ተራኺቡ ተመያዪጡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ዶ/ር ኣደሲናን፡ ኣብ መዳያት ልምዓት ማይ፡ ሕርሻን ጸዓትን ክፃወር ኣብ ዝኽእል ምትሕግጋዝ ተዘራሪቦም።

ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ናይ'ቲ ዕለት ከኣ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣልጀርያ ኣሕመድ ዓጣፍ ተራኺቡ፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታት ዘተዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ - ኤርትራን ኣልጀርያን ተመሳሳሊ ተሞክሮን ኩነታትን ቃልሲ ንናጽነት ከምዘለወን ብምጥቃስ፡ ኣብ መንጎአን ክህሉ ንዘድሊ ኩሉ-መዳያዊ ምትሕግጋዝ፡ ሓዲ ኣሊያ ክህሉ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሚኒስተር ኣሕመድ ዓጣፍ፡ ካብ ፕረዚደንት ኣልጀርያ ዓብዱልመጂድ ተቡን ዝቐረበ ሰላምታን ዕድመን ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ድሕሪ ምቕራብ፡ ዝምድና ኤርትራን ኣልጀርያን ምድልዳልን ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ምብጻሕን ግዜኡ ሕጂ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ክልቲኡ ርክባት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ጃፓን ኣቶ እስቲፋኖስ ኣፈወርቂን ተሳቲፎም።

ኣብ ሰዓታት ናይ ምሸት ድማ - ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ሴራልዮን ጁልየስ ማዳ ባዮን ተራኺቦም ዘትዮም።

ፕረዚደንት ሴራልዮን - ካብ ፕረዚደንት ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ዶ/ር ኣኪናውሚ ኣደሲና ንዝረኸቦ ሓበሬታ ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ኣብ ምውህሃል ማይን ምስኡ ዝኸይድ ማሰኖኣዊ ሕርሻን ዝሃነጸቶ ተሞክሮ ኣርኣያ ምህላዋ፡ ሃገሩ ካብ'ዚ ተሞክሮ እዚ ክትቀስም ልዑል ድልየት ከምዘለዋን ገሊጹ።

ፕረዚደንት ማዳ ባዮ፡ "ኤርትራ ኣብ'ዚ ዓውዲ እዚ ኣመዝጊባቶ ዘላ ዓወት ንኣፍሪቃ ኣርኣያ ክኸውን ዝኽእል እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ሴራልዮን ብፍላይ ኣብ ዓውዲ ሕርሻ ምስ ኤርትራ ጽቡቕ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ንኽህልዋ ከምእትሰርሕ ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኑ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣዋህሊላቶ ዘላ ምቕሉል ተሞክሮ ንኻልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ንምክፋል ድልውቲ ምዃና ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃን ደቡብ ኮርያን ንምስታፍ፡ ብ1 ሰነ ናብ'ታ ሃገር ከምዝገሸ ዝዝከር እዩ።

# ኤርትራውያን ነበርቲ ቤልጅዩምን ላክሰምበርግን በዓል ናጽነቶም ጸምቢሎም

በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራት ቤልጅዩምን ላክሰምበርግን ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ከለን - ጀርመን ብልዑል ደምቀት ተጸምቢሉ።

ብ1 ሰነ ኣብ ብራሰልስ ኣብ ዝተኻየደ ጽምብል፡ ጸሓፊ ማሕበረትም ኣቶ ግርማይ ገብረሂወት፡ ህዝቢ ኤርትራ ንኹሉ ተጻብኦታት መኪቱ ዝጨበጦ ዓወታት ድሕሪ ምጥቃስ፡ ማሕበረትም ኤርትራውያን ነበርቲ ቤልጅዩም - ከም ወትሩ ሓድነቶም ኣደልዲሎም መኸተኡ ከምዝሓየል ገሊጹ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ሃገራት ቤነሉክስን ኣቶ ነጋሲ ካሳህዞቢ ኤርትራ ንልዕሊ 80 ዓመታት ንናጽነቱ ዘካየዶ ቃልሲ፡ ዝሓለፎ ማሰገደላትን ዝኸፈሎ ክቡር ዋጋን ዝምልከት መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ኣብ'ዚ ግዜ እዚ መደባት ልምዓት ብዝሰፍሐ ንምስልሳል ተበጊሱ ምህላዉ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብ'Eritrea-tour' ዝፈለጡ ቤልጅማውያንን ዜጋታት ካልኦት ሃገራትን መሓዙት ኤርትራ ተሳቲፎም ነይሮም።

እቲ ጽምብል፡ ብ1 ሰነ ኣብ ከተማ ሉቨን፡ ብ25 ግንቦት ድማ ኣብ ላክሰምበርግ ከምእተኻየደ፡ እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ኣብ ከተማ ከለን - ጀርመን ድማ፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ብ20 ግንቦት ዝተኻየደ - ጻንርተታት መካይን ዝተሳተፉኦ ዑደት "ባንዴራይ ኣንበልብሊ"፡ ብ1 ሰነ ኣሰታት ሓደ ሽሕ ዜጋታትን ዕዱማትን ዝተረኽቡሉ ምዕሩግ ጽምብል ተኻይዱ።



# ዜጋታት - ሕጃ ንምፍጻም ናብ ስዑዲ-ዓረብ ክጓዓዙ ጀሚሮም

ናይ ዓመት 1445 ህጅሪያ ሃይማኖታዊ ስርዓት ሕጃ ዝፍጽሙ ዜጋታት፡ ኣብ ጉጅለታት ተመቓቒሎም ናብ ስዑዲ ዓረብ ክጓዓዙ ጀሚሮም።

እቶም ካብ 29 ግንቦት በብእብረ ዝገሹ ዘለዉ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን፡ ኣቐዲሞም ዘድሊ ቅጥዕታት ኣማሊኦም ዝጸንሑ ኮይኖም፡ ካብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ዝመጹ እዮም።

እዞም ኣብ ሓሙሽተ እብረ ዝገሹ ዘለዉ ዜጋታት ብድምር 610 ክኾኑ እንከለዉ፡ ምስ መጉዓዚ ኣየር ታርኮ ብዝተገብረ ናይ ኩንትራት ስምምዕ እዮም ብሓባር ዝገሹ ዘለዉ።


ስእሊ ኣብርሃም በየነ

# “መሬት መሰረት መጻኢና፣ ዝበረሰ ናብ ንቡር ኩነታቱ ክንመልስ ታሪኽ ሓላፍነት ዘሸከሞ ወለዶ ኸኣ ንሕና!”

ሰብን ኣከባብን ቀንዲ መዛተዪ ዛዕባኡ ገይሩ፡ ኣብ 1972 ኣብ ስቶክሆልም ዝተጋብአ ኣህጉራዊ ዋዕላ ዝሕለፎም ለበዋታት ኣፍልጦ ብምሃብ፡ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ 5 ሰነ ኣከባብያዊ ንቕሓት ህዝቢ ዓለም ክብ ንምባል ብዝዕልሙ ንጥፈታት እትኽበር ዓለማዊ መዓልቲ ኣከባቢ ክትከውን ወሲኑ፡ ከምቲ ልሙድ ኩይኑ ዘሎ ድማ፡ ዚ ሎሚ ንመበል 51 እዋን ዚኻየድ ስነ ስርዓት ኣከባብራ ዓለማዊ መዓልቲ ኣከባቢ ከተኣንግድ፡ ብዘቕረብቶ ሕቶ መሰረት፡ ዝተሓርየት ሃገር ንግስነት ስዑዲ ዓረብ እያ።

ብኣጋጣሚ ናይ ሎሚ ዓመት ዓለማዊ መዓልቲ ኣከባቢ ዝተሳዕለ ጭርሖ፡ መሬት መሰረት መጻኢና፣ ዝበረሰ ኣከባቢ ናብ ንቡር ኩነታቱ ኪመልስ ታሪኽ ሓላፍነት ዘሸከሞ ወለዶ ኸኣ ንሕና ምዃንና ንምጉላሕ፣ ብርሰት መሬትን ምድረበዳነትን ንምምሓውን ተጻዋርነት ድርቂ ንምጥራይን ሕቡር ግሎባዊ መኸተ ኪዓዘዝ ዘምሕጽን እዩ። ኣገዳስነትን እዋናውነትን ናይዚ ምሕጽንታ'ዚ ንሃገርና ኤርትራ ብለውጢ ክሊማን እሱ ብዘስዕቦ ድርቅን ምስፍሕፋሕ ምድረበዳነትን ንዘተለኸያ ብዙሓት ካልኦት ሃገራትን ሓለፋ ኣለዎ። በረሱ ዝብደመ መሬትን ኣከባብን ናብ ንቡር ምምላሱ፡ ሰኣነት ማይ ምፍታሕን ተጻዋርነት ንድርቂ ምጥራይን ካብ ድኽነትን ሕሱም ናብራን ንምንጋፍ መሰረታዊ ምዃኑ መንግስትና ስለ ዝኣመነ'ውን ቀዳማይ ሃገራዊ ዕማም ገይሩ ሰሪዑዎ፡ ዘደህሰሰ ለውጢ ከምጽእ ይጽዕትን ኣሎ።

እዛ እንነብረላ ፕላኔት መሬት ንብዙሓት ዓበይቲ ተርእዮታት ጂኦሎጂካዊ ነውጽን ናይ ኢኮሎጂ ለውጥን ዝተሳጥሓትሎም ብቢልዮናት ዓመታት ዚግመቱ መዋእላት ከም ዝሓለፈት ሰፍልጠታዊ ምርምራትን ጉሉሓት ጂኦሎጂካዊ ኣሰራትን የረጋግጹ። ወዲሰብ ኣብ መሬት ተቐልቂሉ ዝዓብለሉ ዘጠቓልል ዳሕረዋይ መዋእላ ድማ፡ ዚ ሕጂ እንፈልጦ ዓይነት ሕይወት፡ ብዘኣንግደን ቀጻልነቱ ዘረጋግጸን ምቹእ ኩነታቱ፡ ካብቶም ቅድሚኡ ዝሓለፉ ካልኦት መዋእላት ይፍለ። ምስዚ ኣተሓሒዙ፡ ኩሉ ከፊልጦን ኪስተብህሎ ዘግብእ ሓቂ፡ ግን ድማ ብዙሕ ግዜ ዘርስዕ ወይ ሸለል ዝበሃል ወይ እውን ብዙሕ ሰብ ዘይፈልጦ፡ እቲ ዘሰማምዓና እንነብረሉን ምቹእ ክሊማ ኩነ ኢኮሎጂ ኩነታዊ እምበር፡ ከም ዘይልወጥ ወህቢ ምውሳዱ ዘይከኣል ምዃኑ እዩ።

እንሰትዮ ማይ፡ እነስተንፍሶ ኣየር፡ እንበልዖ መግቢ፡ ንልምዓት ዘድልየና ሃገር ወዘተ፡ ኩታ እቲ ክንነብረሉ እንኽእል ምቹእ ኩነታት ኣብ ጥዑይ ኣከባቢ ጥራይ እዩ ዘርከብ። ጥዕና ኣከባቢ ብግደኡ፡ ኣብ ዑደታዊ ባህርያዊ መስርሕ ምሓዳሰን ሓድሕዳዊ ምስትግባርን ውዱን ምምርኻስን ናይ ሕይወታውያንን ግኡዛትን ቁጠታትን ዝተሰረተ እዩ። ኣዝዩ ተኣፋፊ ስለ ዝኾነ ግን፡ ካብ ዓቕሚ ምቁጽጻር ናይ ደቂሰብ ወጻኢ ዝኾኑ ሓይልታት ባህርይ፡ ብምርጫ ደቂሰብ ዚዝወተሩ ንጥፈታትን ኣገባብ ኣነባብራን ንምምዝባሉ ጠንቂ ኪኸውን ይኽእል።

ብሓይሊ ባህርይ ዚኸሰቱ ተርእዮታት፡ ንምሳለ ነትጎ እሳተገመራ፡ ምንቅጥቃጥ መሬትን ምስኡ ዚተኣሳሰሩ ድርመሳ መሬትን ኣብ ብሕሪ ዘለዓል ማዕበል ሱናሚን ተባኢሹ ከስዕብዎ ካብ ዚኽእሉ ጉድኣት ንምክልኻል፡ ቅድመ ምድላዋት ምግባር ይከኣል ይኸውን። እቲ ተርእዮ ከም ዘይከሰት ምግባር ግን ኣይከኣልን። ጠንቂ ናይ መብዝሕትኡ እቲ ኣብዚ እዋን ዓለም ብምልእታ ትሻቐለሉ ዘላ ናይ ክሊማ ለውጥን ሓፈሻዊ ብርሰት ኣከባብን ግን፡ ወዲሰብ “ጎይታ ዓለም እየ” ኢሉ ንባዕሉ ርእሱ ኣእሚኑ ብዘሓረዮ ዘማዕበሎን ንግቡእ ናብዮት ባህርያዊ ጸጋታት ኣብ ሕሳብ ዘየእቱ ኣገባብ ኣናብራን መፍረን፡ ኣተሃላልኻ ባህርያዊ ጸጋታትን ዝሰዓበ ስለ ዝኾኑ፡ ብምርጫን ውሳነን ኣገባብ ኣናብራ ደቂሰብ ነቲ ድሮ ዝወረደ ብርሰት ምፍዋስን ብሕጂ ከምኡ ከይድገም ምግታእን ዘኽኣለን ዚግባእን እዩ።

ዓይነት ንጥፈታት ደቂሰብ ብዙሓት፡ ብኡ መጠን'ውን ጽልዋታቶም ዝተፈላለዩ እዮም። ኣብ ክሊ ዕጹዊ ስርዓተ-ዓለምና ስለ ዚኽዱ ድማ፡ እቶም ጽልዋታት ተደማሚሮምን ንሓድሕዶም ተራጊዶምን ኣከባብያዊ ብድሆታት የብእሱ። ኣብ ሓደ ከባቢ ብንጥፈታት ደቂሰብ ዚኽዱ ኣከባብያዊ ጽልዋታት፡ መብዝሕትኡ እዋን ዶብ ሰጊሩ ስለ ዝኸውን'ውን፡ ግሎባዊ ባህርይ ኣለዎም። ንፍስወከፎም ብተናጸል ኣጸኒዕካ ኣድማዒን ሓፈሻውን ፍታሕ ንምምዕባል እንተዘይከኣሉ ድማ፣ ብዘይ ኣፈላልዩ ንኹሎም ንምግታእ ሕቡርን ወሃድን ስጉምቲ ኣብ ክንዲ ምውሳድ፡ ካብ መንጎኣም ዝሓሸን ዝኸፍኣን ኢልካ ተርታ ቀዳምነታት ምስራዕ ኣየዋጽእን።

ሃገራት ኣብ ኣከባቢ ድሮ ዘስዓብኦን የስዕብኦ ዘለዋን ኣከባብያዊ ብርሰት ብመጠኑ ዓይነቱን ይፈላለ እዩ። ብዓይኒ ፍትሒ ክርኣ እንከሎ እውን ነቲ ብርሰት ንምፍዋስ ኣብ ዚኻየድ ጻዕሪ ናይ ሃገራት ሞራላዊ ግዴታ፡ ብመንጽር ታሪኻዊ ሓላፍነተንን ህሉዊ ዓቕምታተንን ዝተፈላለየ ምዃኑ ዜካትዕ ኣይኮነን። እቲ ሕጂ ዓለም ብምልእታ ‘ትሻቐለሉን ብዓይኒ ንሱሓት ትጠዓሰሉን ዘሎ ብንጥፈታት ደቂ ሰብ ኣብ ባህርያዊ ኣከባቢ ዝሰዓበ ሰምብራት ንኹሉ ስለ ዘለኪ ግን፡ ንምፍትሑ ዚኻየድ መኸተ ብዘይ ኣፈላላይ ንኹሉ ዚርብሕ ዜገድስን ዕማም እዩ። ኣብ መላእ ዓለም ኪኻየድ ዝጸንሐ ዘይንቡር ኩነታት ክሊማን ሓፈሻዊ ብርሰት ናይ ኢኮሎጅን ኣከባብያዊ ቅልውላው ናብ ዝኸፍኣን መምለሲ ዘይብሉን ደረጃ ከይሰገረ እንከሎ ንምግታኡ ምጉያይ ከኣ ንኹሉ ይምልከት። ከምቲ ኣብ ኣከባቢ ጠቐስ ኣህጉራዊ መጋባእያታት ልሙድ ኩይኑ ዝጸንሐ፡ ኣድማዒ ፍታሕ ናብ ዘወስድ ግሎባዊ ስምምዕ ንምብጻሕ፣ ነፍስወከፍ ሃገር ብመጠን ታሪኻዊ ሓልፍነታን ህሉዊ ናይ ቀጠባን ቴክኖሎጅን ዓቕማ ዘሸከማ ሞራላዊ ግዴታ ግብራዊ ፈዋሲ ስጉምቲ ክትወስድ ንምክርኻርን ምምሕጻንን ተወሳኺ ግዜ ኪጠፍእ እቲ ወህቢ ኩነታት ኣየፍቅድን። ሃገራት ካብ ምምብጻዕ ሓሊፈን ስለ ሓባራዊ ረብሓ ደቂሰብን ድሕነትን ጥዕናን ናይ'ዛ መተካእታ ዘይብላ ዓለምን ኣከባቢ ጉድኣት ካብ ዘስዕቡ ንጥፈታት ኪሕቆባ ድሮ ዝሰዓብኦ ብርሰት ንምእላይ ድማ ብሰፍልጠት ዝተኣመመ ጭቡጥ ስጉምቲ ኪወስዳ ይግባእ።

ጸላእትን ወረርትን ሓይልታት ብዘፈጠርዎ ዕንቅፋት፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ከምቲ ዘድሊ ብምሉእ ዓቕሙ ናብዚ ዕማም ከየድህብ ዝተኸስረ ግዜን ዕድልን ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ዕንቅፋት እቲ ግን ብስሙር ህዝባዊ መኸተን ጅግንነታዊ መስዋእትን ስለ ዝተኣለየ፡ ብሕጂ ንዚርኢ ድኻምና መመኽነዪ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። ሳዕቤን ብጕድለት ኣከባብያዊ ክንክን ልዕሊ እቲ ዛጊት ወሪዱ ዘሎ ሃሲያ ምእንቲ ከይኸውን፡ መላእ ሕብረተሰብ ኤርትራን መንግስቱን ብሕታውን ትካላቱን እዚ ንብዙሓት ወለዶታት ዘጸምደና ሃገራዊ ዕማም ብዘደምዕ ስራሕ ከሰሕልዎ ታሪኻዊ ግዴታ ኣለዎም። ከም ኣባል ናጻ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ንሕና ኤርትራውያን ንምሕሳን'ቲ ብተግባራት ካልኦት ዝሰዓበ ግሎባዊ ብርሰት ኣከባቢ ክንገብሮ እንኽእል ኣበርክቶ፡ ዝበረሰ ኣከባቢ ሃገርና ናብ ንቡር ምምላስን ብግቡእ ምምሕዳሩን እዩ።

ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፋ ኣዋርሕ፡ ኣብ መብዝሕትኦም ዞባታት ሃገርና ኪካየድ ዝጸንሐ ንጥፈታት ምዝላይ መሬት ሕርሻ ሓደ ግብራዊ መግለጺ ናይ ኣበርክቶና ንግሎባዊ ጻዕሪ ምክንኻን ዓለምና እዩ። እኹል ግን ኣይኮነን። ኣብ ዚኣቱ ዘሎ ወርሓት ክረምቲ ኪትግበር፡ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝተለሞ መደብ ትኽላ ፈልሲታት ኣግራብ ንምዕዋት፡ መላእ ሕብረተሰብን መንግስታውን ብሕታውን ትካላቱን ብኣጋ ዘድሊ ቅድመ-ምድላዋት ገይሮም ጸኒሖም፡ ኣብ ወቕቱ ናብ ትኽላ ኪብገሱ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ሃገርና ካብቲ ብተፈጥሮ ዚጭብጮብን ዜጋታት ጸዓርም ዚትኽልዎን እቲ ብለውጢ ክሊማን ብተግባራት ደቂሰብን ዘበርስ ብተዓጻጻፊ ይበዝሕ። ብኡ መጠን ድማ እቲ ምምዝባል ናይ ባህርይ ዓቢ እዩ። ብመንጽር ግፍሒ ናይቲ ብሕጂ ኪግበር ዘለዎ፡ ኣብዚ ዕማም'ዚ እኹል ስራሕ ተሰሪሑ እዩ ዘበሃለሉ ናይ ምዕጋብ ደረጃ ጌና ስለ ዘይተበጽሐ፡ ሃገራዊ መደብ ምግራብ ብዝተዓጻጸፈ መጠን ንምስፋሑ ምዕጣቕን ኩሉ ኪሳተፎ ግዲ እዩ። እቲ መደብ ምግራብን ዳግመ ምግራብ ወጽኢታዊ ኪኸውን ምእንቲ እውን፡ ንኢኮሎጂ ሃገርና ጎና ዘይኮኑ ዕጸዋት ቀዳምነት ዚህቡን ጎና ኣግራብ ምእታው እንተ ተደልዩ ድማ ፋይዳኡ ሞያውያን ብመጽናዕቲ ኣለልዮም ዘውሰንዎ ኪኸውን ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ።

**ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን**

ዜና

# ዓሰብ - ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓድሽ ስትራተጅያዊ ውጥን ዘላሊ ኣኼባ ኣካዪዱ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ መዛዘሚ ናይ'ቲ ካብ ወርሒ ሚያዝያ 2024 ኣብ ኩለን ዞባታት ክካየድ ዝጸንሐ - ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጅያዊ ውጥን ንምልላይን ዝኸጋገሽ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ንምግምጋምን ዝምልከት ኣኼባታት፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ ብ30 ግንቦት ተመሳሳሊ ኣኼባ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም፡ ኣቦመንበርን ኣባላትን ባይቶ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ከምኡ'ውን ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ሓለፍቲ ክፍልታት ዞባን ካልኦት ኣካላትን ተሳቲፎም።

ሕመረት ናይ'ቲ ኣብ ሓሙሽተ ፕሮግራማት - ማለት፡ ልምዓት መሬትን ምሕደራ ባህርያዊ ሃብትን፣ ልምዓት ዘራእቲ፣ ልምዓት እንስሳ፣ ወሃድን ዘላቕን መንበሮን ሕርሻዊ ንግድን፣ ከምኡ'ውን ምሕያል ትካላውን ሰብኣውን ዓቕሚ ዝሓቖፈ፡ ካብ 2024 ክሳብ 2028 ዝዝርጋሕ “ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ!” ዝመሰረቱ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጅያዊ ውጥን ቀሪቡ።

ግዝያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ኢንጂነር ዑመር ማሕሙድ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ብዛዕባ ዝተጣጠፈ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ዝርዝራዊ ጸብጻብ ኣቕሪቡ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ሕጽረት ዓቕሚ-ሰብ ካብ ቀንዲ ማሕንቖታት ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ናይ'ቲ ዞባ ምዃኑ፡ ክኢላታት ሕርሻ ኪኸዱ ዞባን ንኡስ ዞባን ናብ ምምሕዳራት ከባቢ ክምደቡ ከም ዘይተኻእለ በሪሁ።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ምስራሕ ትሕተ-ቅርጻታዊ ከዘንቲ ማይን ባንቡታትን፣ ምትእትታውን ምርባሕን ደርሁ ገደና፣ ልምዓት ተምሪ፣ ሎሚን፣ ሞሪንጋን ለሲንያን ክድፋእሉ፣ ምርባሕ ንህቢ ድማ - እንተላይ ኣብ ገማግም ባሕሪ ክጀመር ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ - ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይ እውን፡ ምውሓስ ምንጪታት ማይ ብዕቱብ ክስራሓሉ፣ ምሕያል ነቲ ዞባ ዝበቅዕ ሕርሻዊ ምርምርን ምግልጋል ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብን ህጹጽ ፍታሕ ክወሃበሉ ኣተሓሳሲቡ።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ንዶናልድ ትራምፕ ዘገርሀት ‘ፈኳስ’ እትመስል ክሲ. . .?

ፕረዚደንት ኣመሪካዊ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ኣብ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማንሃታን ብዝቐረቡሉ 34 ክሲታት ገበን ተሓታቲ ከም ዝኾነ ዝተዋህበ ብይን - ኣብዚ ሰሙናት እዚ ንትሕዝቶ ማዕከናት ዜና ዓለም ዓብለለም ካብ ዝቖጸ ዕላላት ኰይኑ ኣሎ። ንሃገሩ ከም ፕረዚደንት ኰይኑ ዘገልገለ ብገበን ተሓታቲ ክኸውን 12 ዳያኑ ብዙሓዘ መጋባእያ ዝተመሓላለፈ ብይን - ኣብ ታሪኽ እታ ሃገር ናይ መጀመርታ ብምዃኑ ብዓይነቱ ፍሉይ ይገብሮ።

ኣብ ዝሓለፈ 2020 ብፕረዚደንት ጆ ባይደን ኣብ ምርጫ ተሳዒሩ ዝጸንሐ ትራምፕ፡ ወጽኢት ናይ’ቲ ምርጫ “ሽፈጥ ነይርዎ” ኢሉ ስለ ዝኣመነ ከለዓዕሎ ብዝጸንሐ ተቓውሞታት፡ ምስ’ቲ ንዘኢ. ሰልፊ ኣብ ከቢድ ቅርሕንቲ ኣእትይዎ ጸኒሑ እዩ።

ምስ’ቲ ክሳወር ዝጸንሐ ምፍትሑሕ ዝተበገሰ ክሲታት እምበኣር፡ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ 2016 ውድድር ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ ግዜ፡ “ናይ ምርጫ ሕግታት ዝጠሓሰ ንጹርነት ዝጎደሎ ናይ ገንዘብ ምንቅስቓስ ኣርእዩ/ተጠቒሙ” ዝብል ሓደ ክሲ ቀሪቡሉ። እቲ ምርጫ ናብ ረብሓኡ ንምውዓል ክብል ናይ ምትላል ገበን ፈጺሙ ዝብል ክሲ - ካብ ክፍላ ሚያዝያ ኣትሒዙ ካብ ህዝቢ ብዝተመርጹ ኣባላት መጋባእያ ክረአ ጸኒሑ።

ንትራምፕ ዝኸሰሰ ክኢላ ሕጊ፡ ኣባል ዲሞክራትሰን ተጻራሪ ፖለቲካዊ መርገጺ ዶናልድ ትራምፕን ብምዃኑ፡ ደድሕሪ እቲ ክሳሳይ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ ፖለቲካዊ ሓይልን መሳኢ ዝድግፎ ህዝበን ሞራላዊ ሓገዘ ብምሃብ ከም ዝቖሙ ምግማት ይከኣል።

እቲ 34 ክሲታት ጠቢዮን ዝተፈላለየን ዝይኮነሉ ኣብ ውልቃዊ ህይወት ትራምፕ ምስ ሓንቲ ኢጋጣሚ ዝተተሓሓዘ ኩነታት ዝተመርኮሰ እዩ። ከም’ቲ ኣብ ግዜ ምርጫታት ሓሓሊፉ ዝረአ - ተወዳደርቲ ኣብ ዓይኒ ህዝቢ ዘእዕቓን ብስንባደ ከምዝኾልፉ ዝጉበራን ‘ጹታዊ በደል’ ከም እተፈጸመን ዝኸሸሓ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ናይ 2016 ምርጫ እውን ተራእየን እየን። ኣብ ናይ ነውሪ ፊልምታት ኮኾብ ተዋሳኢት ከም ዝኾነት ዝነገረላ ስቶርሚ ዳኒልስ ዝተባህለት ሰበይቲ እውን ትራምፕ ይጋስሳ ከም ዝነበረ ከተውሪ ጀሚራ።




ትራምፕ ግን ከም’ቶም ሰንበደም ካብ ውድድር ኑበርም ዘግልሉ ኣይነበረን። ነቲ ወረ ኣጺግዎ ውድድራቱ ቀጺሉ። ንታ ሰበይቲ ግና ‘መዕበሲ ኣፍ’ ክህባ ግድን ነይሩ። ስቶርሚ ዳኒልስ ነቲ ምውራይ ንኸትገድፎ - 130 ሽሕ ዶላር ከም እተቐበለት ከኣ ተወሳኺ ዕላላት ክዘውር ጀሚሩ። ብድሕሪ እዚ ንዶናልድ ትራምፕ ዝኸሰሳ ሓያሎ ካልኦት ኣንስቲ እውን ተቐላቒለን። ዋላ ኣብ’ቲ ብምርጫ ተዓዊቱ ናብ ዋይት ሃውስ ምስ ኣተወ ንኣርባዕተ ዓመት ከም መራሒ ሃገር ዘገልገለሉ ግዜ እውን እንተኾኑ፡ በበዓይነቱ ክሲታት ይቐርበሉ ምንባሩ ይዝከር።

ኣብ 2020 ሕጹይ ሰልፊ ዲሞክራሲ ጆ ባይደን ብምርጫ ምስ ሰዓረ፡ ዶናልድ ትራምፕን ደገፍቱን ሽፈጥ ከም እተፈጸመ ብምግላጽ፡ ተቓውሞታት ከሰምዑ ተራእዮም። ደገፍቲ ጆ ባይደን ብወገኖም፡ ትራምፕ ብምርጫ ኣብሉ ከም ብሓደሽ ናብ ስልጣን ከይምለስ ዝከኣሎም ኩሉ ክገብሩ ጸኒሖም። ፈኺም ክብል ንዝጸንሐ ክሲታት ኣሳቢቦም ከኣ፡ ኣብ ዞባ ማንሃታን ናይ ከተማ ኒውዮርክ ኣብ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ክሲታት ማስረዩምሉ።



እቲ ክሲ፡ ንምንታይ ‘መዕበሲ ኣፍ’ ከፊልካ ዝብል ኣይኮነን። እቲ ገንዘብ ባዕሉ ብኢዱ ዘይኮነስ ብጠበቓኡ ማይክል ኮህን ኣቢሉ እዩ ሂቡዋ። እቲ ገንዘብ ንምንታይ መዓስ ወጺኡ ምእንቲ ከይፍለጥ፡ ንመሳለጢ ስራሕ ዝግበር ወጻኢታት እናኣምሰለ በበቑንጣሮ እዩ ኣውጺእዎ።

ስለ’ዚ፡ እቲ ጉዳይ ብመሰረት ሕጊ እታ ሃገር ኣብ ምርጫ ሓሊፉ ንምርካብ ተባሂሉ ዝግበር ናይ ምትላል ተግባር ከም ገበን ስለዝኸሰሱ፡ ትራምፕ ኣብ ምርጫ ህዝባዊ ደገፉ ምእንቲ ከይሰእን ናይ “ምትላል” ተግባር ከምዝፈጸመ እዩ - በቲ ክኢላ ሕጊ ተኸሲሱ። ናይ ምርጫ ሕጊ ከም ዝዘረገ ገይርካ እውን ክሲ ክቐርብ ይኽእል እዩ። እምበኣርከስ፡ ኣብ’ዛ ሓንቲ ተግባር እዚኣ፡ ኣልቪን ብራግስ ብዝተባህለ ጸለም ኣመሪካዊ ክኢላ ሕጊ 34 ገበናዊ ክሲታት ተመስሪቱሉ - ንትራምፕ።

ብመሰረት ልምዲ ናይ’ታ ሃገር፡ ናብ ጥርጡር ዝቐረበ ክሲ ካብ ዝተመርጹ ዳያኑ ብዝቖመ መጋባእያ እዩ ብመጀመርታ እቲ ክሲታቱ ዝጽናዕ። ናይ ትራምፕ ክሲታት እትምርምር ብ12 ዳያኑ ዝቖመት ጉጅለ፡ ነቲ ጉዳይ ከተጽንዖ ድሕሪ ምጽናሕ - ብ34 ክሲታት ገበኛ ኰይኑ ከም እትረኸበ ብምሉእ ድምጺ ኣሕሊፉ። ተኸሳሲ ገበኛ ስለ ዝተባህለ ድማ፡ ኣብ ዝቕጽል ሳምንታት ናብ ዝኸፈት ቤት-ፍርዲ ቀሪቡ - ፍርዱ ክቕበል እዩ።

መበገሲ እቲ ክሲ ‘ንመንግስቲ ኩነ ንካልእ ወገን ዘይትንክፍ ውልቃዊ ተግባራት እዩ’ ኢሎም ንዝኣምኑ፡ እቲ ክሲታት - ገበን ካብ ዘይኮነ ተግባራት ዝተመስረተ ጫሊዳ ክሲታት ከም ዝኾነ ዝገልጹን ወገናት፡ ሰንባዲ ፈጢሩሎም ከም ዘሎ ይግልጹ። እቲ ክሲ፡ ‘ገበን’ ተባሂሉ ክጸዋዕ ትራምፕ ንባዕሉ እውን ኣይገመቶን ጸኒሑ።

እዚ ኣብ’ታ ሃገር ዝሰምዕ ዘሎ ዓውዓውታ ድማ ካብ ደገፍቱ ጥራይ ዝቃላሕ ዘሎ እዩ እንተተባህለ ሓቅነት ዝጎደሎ ኣይኮነን። ሰቕታ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ እውን ዘርርም ኣይኮነን። ኣብ ዝቕጽል መጋባእያ ንዝፍጠር ኩነት መገት ናይ ምድላዋት ምልክት ገይሮም ዝወሰድዎ ኣይተሳእኑን።

## ጫሊዳ እናፈጠረ ዝቕጽል ክሲታት. . .

ኣቦ’ታ ሃገር (ሕ.መ.ኢ.) ዘሎን ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝጸንሐን ፖለቲካዊ ምስሕሓባትን ፍልልያትን ኣብዚ ቅንያት እዚ ተኸሲቱ ብዘሎ ገበናዊ ክሲታት ዶናልድ ትራምፕ - ኣዝዩ ከምዝገፍሕን ተወሳኺ ምትህልላኻት ከምዝፈጥርን ገይርዎ ኣሎ። ነቲ ጉዳይ ከጸንዕ ዝቖጸ መጋባእያ - ነቲ ክሲ ውዱቕ ክገብሮ እሞ ትራምፕ ብዕዉት ክወጽእ ዝብል ተስፋታት ከም ግመ ድሕሪ ምብታኑ ዝሰዓበ ክትዕን ጸረ-ክትዕን ንሓያሎ ግዜ ክቕጽል እዩ።

ትራምፕ ኣብ ሕዳር ኣብ ዝጅመር ፕረዚደንታዊ ምርጫ ንሰልፊ ሪፓብሊካን ወኪሉ ክወዳደር ብምዃኑ፡ ንማእሰርቲ እንተደኣ ተፈሪዱ ድሕሪ ደገል ቤት ማሕበስ ኰይኑ ክወዳደር ሕጊ እታ ሃገር የፍቅድ እዩ። እቲ ገበን ተባሂሉ ዝተሰመየ ክሲታት፡ ብውሕዱ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ማእሰርቲ ከቕጽዕ ስለ ዝኽእል፡ ደጋፊ ሰልፊ ሪፓብሊካን ዝኾኑ ኣስታት ፍርቂ ህዝቢ እታ ሃገር ኣብ ሻቕሎት ከምዘሎ ግን ኣይሰሓትን።

ብመሰረት ክኢላታት ሕጊ፡ ዕድሚኡን ንሃገር ዝሃቦ ኣገልግሎትን ኣብ ግምት ብምእታው - ነቲ ገበናት ኣቃሊሉ ብፈነኩስ መቕጻዕቲ ክፉትዎ ዝኽእል ፈራዳይ ኪጋጥሞ ዕድላት ኣለዎ። እዚ ግን ከም ትሑዝ ገይርካ ክውሰድ ዝከኣል ኣይኮነን። ትራምፕ፡ ናብ ዝለዓለ ቤት-ፍርዲ እውን ይግባይ ክብል ይኽእል እዩ። ግና ብተጻባኢቱ ኣብኡ ተዳልዩ ዝጸንሐ መጻወድያ ዝበኣሰ ክኸውን እውን ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ውግእ እንድሕር ተኣትዩ ኣካላት መረጸካ ምትህርራም የለን። ምሕረት እውን የለን።

ትራምፕ ኣብ 2020 ብጆ ባይደን ዝተሳዕረሉ ኢጋጣሚ ኣሜን ኢሉ ስለ ዘይተቐበሎ፡ ናይ መረጻቲ ድምጺ ከም እተሰርቀ ክገልጽ ብምጽንሑ፡ ምስቲ ዘሎ ምምሕዳር ኣብ ከቢድ ምትህልላኻት እዩ ጸኒሑ። ደገፍቲ ትራምፕ፡ እቲ ሓቂ ተኸሺፉ ትራምፕ ተዓዊታይ ከም ዝበረ ተረጋጊጹ፡ ናብ ዋይት ሃውስ ተመሊሱ፡ ንጆ ባይደን ሰጉጉ - ኣቦ’ታ መንግስቲ ኮፍ ክብል እዩ ዝብል ተስፋታት ክሳዕ ሕጂ ሓደም ምጽናሖም ይግለጽ።

ግዜ ፕረዚደንትነት ጆ ባይደን ከይተወድአ - ብሓቅነቱ ረቲዑ ናብ ስልጣን ክምለስ እዩ ተባሂሉ ተስፋ ዝተነበረሉ ትራምፕ ግን ኣይተመልሰን። ንባይደን ብምርጫ ክሰጉግ ኣብ ዝቕጽል ሕዳር ንዝግበር ውድድራት ዓቢ ምድላዋት ኣብ ዝገብረሉ ዘሎ ግዜ፡ ብ34 ክሲታት ገበኛ ከም ዝኾነ ተገሊጹ ናይ ቤት ፍርዲ ቈጻራ ሓዘ ደርኪቡ።

እዚ ብመጠኑ ዝተሓተ ዝመስል ክሲታት፡ ካብ ዝቕጽል ምርጫ ከልክሎ ይኽእልዶ ይኸውን? ንዝብል - ‘እንድዒ’ እዩ እቲ መልሲ። ካብዘን 34 ፈነኩስቲ ዝተባህላ ገበናት ግና - ንኣርባዕተ ዓመት ኩናትና ዝኽእላ ጉዳያት፡ ዝገደደ ካልእ ዓብይቲ ፋይል ዘይተኸፍተሉ ክሲታት እውን ተቐሪቡ ከምዘሎ ይፍለጥ።

ኣብዚ ቀሊል ዝመስል ክሲታት፡ ተጻባእቲ ብቐሊሉ ክሃድምሉ ናብ ዘይክእል ድንብያ ከመይ ገይሮም ኣእተዩምዎ? ዝብል ሕቶ፡ ሓደ ካብ’ቲ ቀንዲ ናይ ዕላላት ምንጪ ኰይኑ ዘሎ እዩ። መብዝሕትኦም ወሃብቲ ርእይቶ፡ እቲ ወጽኢት ናይ ዳያኑ ምስ ተፈልጠ ዝሃብዎ ስለዝኾኑ፡ ድሕሪ ክውንነት ዝተሃንጸን ካብ ስረቱ ተኑዲቑ ዝወጽኣን ወግዕታት እዮም ዘቕርቡ።




ተጻባእቲ ትራምፕ፡ እታ ሃገር ክትህቦ እትኽእል ናይ ሕጊ ተጠቃምነት ናብ ረብሓ ብምውዓል - ትሕቲ ብዘለ ቤት-ፍርዲ ክሲ ብምጅማርም፡ ንተኸሳሲ ዙዳህለሉዎ ይመስሉ። መርበብ ሓበሬታን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ምስ እንዕዘብ፡ ብመንጽር ዓውዓውታ ደገፍቲ ትራምፕ፡ ብሸነኽ ከሰስቲ ትራምፕ ብዙሕ ድምጺ ኣይሰማዕን ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

እቲ መጋባእያ ነቲ ክሲታት ክጉሕፎ ከም ዝኾነ እውን ብሰፊሑ ይውረ ነበረ። ትራምፕ ስዒሩ ከምዝወጽእ ነብያት ደቦና ሓጋይ ካብ ሰሚያት ሓበሬታ ከም እተኻገርም ከተንበሁ ቀንጺዮም ነይሮም። ትራምፕ እውን ኣብ’ቲ መጋባእያ ናይ ምዝናይን ፍሕሽውታን የርኢ ምንባሩ ይግለጽ። ናይ ትራምፕ ጠበቓታት ኣብ ክንዲ ነቲ ክሲታት ዘፍርስ መልሲ ኣብ ምሃብ ዝጸቕጡ፡ ጸረ-ትራምፕ ከምስክሩ ኣብ ልዕሊ ዝቐረቡ ሰባት ተኣማንነት ከም ዘይብሎም ንምግላጽ ይጽዕሩ ምንባሮም፡ ሚዛን ተኾላኺልቲ ክፈኩስ ከም ዝኸኣለ ገለ ወሃብቲ ርእይቶ ይገልጹ እዮም።

ካልኦት ከኣ፡ ውሳነ መጋባእያ ምሕላፉ ዘይተርፍ ምንባሩ እናገለጹ፡ ትራምፕ ቅድሚ ምርጫ ዘጋጥሞ ፈተናታትን ድሕሪ ምርጫ እውን ተዳልዩሉ ዘሎ ብድሆታትን ንሓያሎ ኣዋርሕ ክጸንሕ ከምዝኽእል ይግምቱ ነይሮም። ከም መራሒ ሃገር እንተደኣ ተመሪጹ እውን፡ ንጉቡኡ ክምሕራ ዝኽእል እንተኾይኑ ክኢላታት ሕጊ ይኻትዑሉ ከምዘለዉ ይፍለጥ።



# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ፈስቲቫል ዲዋሊ



ፈስቲቫል ዲዋሊ ምስ እምነት ተተሓሒዙ ዝቖጸድ ፈስቲቫል ኮይኑ፡ ልዕሊ ቢልዮን ዝኾኑ ሰባት ዝጽምብልዎን ዝዕዙበዎን እዩ። እዚ ንሓሙሽተ መዓልታት ዝቕጽል ፈስቲቫል፡ ብርሃናት ወለዕሓ ንላዕሊ ብምስዳድ፡ ብጸሎት፡ ንጸገማት ብምርዳእ፡ ምስ ስድራ ቤትካ ግዜ ብምሕላፍን እዩ ዝበዓል።

ዲዋሊ ሓደ ካብቶም ቀንዲን ኣገዳስን ፈስቲቫል ህንዲ እዩ። ንጸልማት ብብርሃን፡ ንድንቁርና ብፍልጠት ከምኡ'ውን ንሰይጣናውን ሕማቓትን ተግባራትን ብጸቡቕ ተግባር ዝስዕሩሉ ፈስቲቫል ምዃኑ እዮም ዝኣምኑ። ኣብዚ ቅንያት ፈስቲቫል እዚ በዓል ንምጽንባል ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ካብ ወጻኢ ሃገር ናብ ህንዲ ይውሕዙ።

እዚ ፈስቲቫል ዝበዓለሉ ዕለት ኣብ ናይ ሂንዱ ካላንደር ዝተመርኮሰ እዩ። ወላ'ኳ ኣብ መወዳእታ ጥቅምቲ ወይ መጀመርታ ሕዳር ዝጽምበል ይኹን፡ ገለ ህንዳውያን ግና ንዲዋሊ ከም መጀመርታ ናይ ዓመት ወይ ሓዳስ ዓመት ገይሮም እዮም ዘብዕልዎ።

ዲዋሊ፡ ፈስቲቫል ብርሃናት ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ። ኣብዘን ሓሙሽተ መዓልታት ናይዚ ፈስቲቫል ኣብ ግዜ ምሸት ኩሉ ሰብ ዝተወልዐ ብርሃናት ሒዙ ብምውጻእ ንላዕሊ ገጹ ከም ዝኸይድ ይገብርዎ።

ንኣመጻጽኣ እዚ ፈስቲቫል ዝገልጽ ብዙሕ ብሂላት እዩ ዘሎ። ኣብ ሰሜናዊ ህንዲ፡ ህጻን ንጉስ ራማ እታ ሰይጣናዊ ተግባር ዝበራ ሰ'ይቲ ኣቦኡ ምስኣ ን14 ዓመታት ጨቂና ሒዙዎ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ደሓር ግና ካብኣ ሃዲሙ ናብ ከተማ ኣዮድሃ ከም ዝመጸ ይገልጹ። ህንዳውያን ድማ እዚ ካብ ሰይቲ ኣቦኡ ዝሃደመሉ ዕለት፡ ንሰይጣን ብጸቡቕ ነገር፡ ንጸልማት ድማ ብብርሃን ስዒርናዮ ብምባል ፈስቲቫል ዲዋሊ የብዕሉ።

ኣብ ደቡብ ህንዲ ድማ፡ ንጉስ ክሪሽና፡ ነቲ 16 ሽሕ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትሕቲኡ ኣሲሩ ዘሳቐዮን ዝበረ ንጉስ ናራካሱራ ኣብዛ መዓልቲ ስለ ዝሰዓሮ ፈስቲቫል ዲዋሊ ከም ዘብዕሉ ይገልጹ። ኣብ ምብራቓውን ምዕራባውን ክፋል ህንዲ እውን ብዛዕባ ኣመጻጽኣ እዚ ፈስቲቫል ዝተፈለየ ዛንታ እዩ ዘለዎም።

## ሃንደበታዊ ምጥፋእ ስድራ ሶደር

ኣብ ድሮ ልደት 1945፡ ኣብ ምዕራብ ቨርጂንያ ዝቕመጡ ስድራ ሶደር ንመላእ ህይወቶም ክርስዕዎ ዘይክእሉ ትራጀዲካዊ ፍጻመ ኣጋጠሞም። እዞም ስድራ ለይቲ ደቂሶም እንከለዉ፡ ገዛኦም ባርዕ ሓዊ ስለ ዝጋጠሞ ጆርጅ ምስ ሰበይቱ ጀኒ ሶደርን ኣርባዕተ ደቆምን ካብቲ ሓዊ ከምልጡ ከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ሓሙሽተ ደቆም ግና ብዘይ ዝኾነ ኣሰር ጠፍኡ።

እቲ ባርዕ ሓዊ ሰዓት ሓደን ፈረቓን ለይቲ እዩ ጀሚሩ። ሱበኣይን ሰበይትን ድማ ብድምጺ ናይ ዝተሰበረ ቤትሮ ካብ ድቃሶም ተበራበሩ። እቲ ገዛ ብሓዊን ትኪን ተዓቢሊኹ ነበረ። ጆርጅ ብቐልጡፍ ናብ ታሕተዋይ ደርቢ ወረደ። እቲ ሓዊ ካብ ታሕቲ ጀሚሩ ብቕልጡፍ ናብ ላዕሊ ክሳብ ከሎ ረኣየ። ስለዚ ብቕልጡፍ ናብ መደቀሲ ደቁ ተመለሰ፡ ንኹሎም ክተንስኦም ጀመረ።

ኑቶም ኣርባዕተ ደቁ ከህድሞም ከሎ፡ ኑቶም ዝተረፉ ሓሙሽተ ደቁ ግና ክረኽቦም ኣይከኣለን። ጆርጅ ወላ'ኳ ኑቶም ሓሙሽተ ደቁ ከድሕኖም ኢሉ ናብ ክፍሎም ክኣቱ እንተ ፈተነ እቲ ሓዊ ስለ ዝበርትዐ ግና ኣይከኣለን። ኣቦኦት መጥፋእቲ ሓዊ፡ እቲ ሓዊ ድሕሪ ምጅማሩ ድሕሪ ሓጺር ግዜ እዮም መጺኦም። እንተኾነ ኩሉ እቲ ገዛ ቡቲ ባርዕ ዓጁ ጸንሒዎም። ድሕሪኡ ፖሊስን ኣቦኦት መጥፋእቲ ሓዊን ኣብ ውሽጢ እቲ ፍርስራስን ከበኡን እኳ እንተ ደለዩ ኑቶም ዝተረፉ ቆልዑ ግና ክረኽብዎም ኣይከኣሉን። ኣቦኦት ኤፍ.ቢ.ኣይ እውን ኣብቲ ምድላይ ክተሓባበሩ ጀመሩ። ግና ክዕወቱ ኣይከኣሉን። ስድራ ሶደር ደቆም ንምድላይ ባዕሎም ስጉምትታት ክወስዱ ጀመሩ። ዝኾነ ቁልዑ ዝረኸቦም ወይ ሓበሬታ ዝሃበ ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ጉንፃ ከም ዝሁብዎ ቃል ኣተዉ። ኣብ ኩሉ ከተማታትን ዓድታትን ናይታ ሃገር'ውን ስእሎም ዘለዎ ፖስትራት ተጠቕዑ። ወላ'ኳ እዚ ኹሉ ጻዕርታት እንተ ኣካየዱ፡ እዞም ሓሙሽተ ህጻናት ግና ክርከቡ ኣይተኻእሉን።

ኣቦኦት ፖሊስን ጋዜጠኛታትን ንምጥፋእ እዞም ህጻናት ኣመልኪቶም ዝተፈላለዩን ንሓድሕዱ ዝጋጮን ሓሳባት ይህቡ ነበሩ።

ኣዲኦም ሓደ ግዜ “ደቀይ ብህይወት ኣብ ገለ ቦታ ከም ዘለዉ እፈልጥ እየ። ንምድላዮም ድማ ፈጺመ ተስፋ ኣይክቖርጽን እየ” ኢላ ነይራ።

ኣብዚ ጉዳይ ገለ ኣፋፍኖት እኳ እንተ ተረኽበ፡ እዚ ምስጢር ግና ክፍታሕ ኣይተኻእለን። ኣብ 1967፡ ጀኒ ሶደር ልክዕ ከም ሓደ ካብቶም ዝጠፍኡ ደቃ ናይ ዝመስል ስእሊን ደብዳቤን ተቐበለት። እታ ደብዳቤ ካብ ኬንታኪ ዝመጸት እኳ እንተ ነበረት፡ ንጹር ኣድራሻ ግና ኣይነበራን። ኣብ ድሕሪ እታ ስእሊ፡ “ሉዊስ ሶደር፡ ንሓወይ ፍራንኪ. እፈትዎ እየ። ካብ ኣሕዋተይን ስድራይን ደሃይ ክሰምዕ እጽበ ኣለኹ። ኣብ ሰንትራልያ - ኢሊኖይስ ስድራ ኣለዉኒ” ዝብል ጽሑፍ ነበረ።

ጀኒ ሶደር ብቐጥታ ናብ ኣብ ሰንትራልያ ዝርከቡ ፖሊስ ደወለት። እንተኾነ ፖሊስ ሰንትራልያ ዝኾነ ሓበሬታ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ጀኒ ኣድራሻ ኣብቲ ስእሊ ዝርከብ ሰብ ክትረኽቦ ፈቲና ኢያ። የግዳስ ክትዕወት ኣይከኣለትን።

ኣብ መዓልቲ እቲ ባርዕ፡ ሓደ ናይ ዓይኒ ምስክር፡ ሓንቲ መኪና ካብቲ ትሕቲ እቲ ዝቃጸል ዝነበረ ገዛ ብቕልጡፍ ወጺኣ ትኸይድ ከም ዝነበረት ገሊጹ። እቲ ምስክር፡ እታ መኪና ጸለም ሕብሪ ዘለዋን ሰዳን ዝዓይነታ ከም ዝነበረትን ኣብ ውሽጣ ድማ ሰባት ከም ዝነበሩን ገሊጹ። ፖሊስ ግን ሓበሬታ ተጠቒሞም'ውን ዋንነት እታ መኪና ክጻርዩ ፈቲኖም እዮም። እዚ'ውን ፈሺሉ ተረፈ።

እታ ስድራ ባዕተር ዝበሃል ክልቢ ነበራ። ኣብቲ ባርዕ ዘጋጠመሉ መዓልቲ ግና ኣይነበረን። ባዕተር ንጸባሒቱ ኣብ ውሽጢ ከተማ እዩ ተረኺቡ። ኣገዳሲ ሓዚኑ ድማ ነበረ። ባዕተር ብዛዕባ እቶም ዝጠፍኡ ህጻናት ገለ ሓበሬታ ምሃበ ነይሩ ይኸውን። እንተ'ኹላ ክልቢ ብምኳኑ ክዛረብ ኣይክእልን እዩ።

ብዛዕባ ምጥፋእ ህጻናት ሶደር ብዙሕ ክልሰ ሓሳባት እዩ ዘሎ። ገለ ካብቶም ልሙዳት ንምጥቃስ፤

• እቶም ህጻናት ቡቲ ባርዕ ሞይቶም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ። እዚ እቲ ዝለዓለ ተኽእሎ ዘለዎ ክልሰ ሓሳብ እኳ እንተኾነ፡ ንኽተረጋግጾ ግና ከቢድ እዩ። ምኽንያቱ ዝኾነ ኣሰር ክርከብ ስለ ዘይተኻእለ። ንኣብነት፡ መደቀሲ ናይቶም ህጻናት ኣብ ካልኣይ ደርቢ እዩ። እቲ ሓዊ ናብ መደቀሲ ክፍሎም ከም ዝበጽሐ ግና ዝኾነ መረጋገጺ የለን። ብተወሳኺ መደቀሲ እቶም ህጻናት ኣይተተንከፈን። ኩሉ ንብረቶም'ውን ኣብቲ ክፍሊ እዩ ነይሩ።

• እቶም ቆልዑ ተጨውዮም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ። እዚ ካልእ ህቡብ ክልሰ ሓሳብ እዩ። እዚ ዝድግፍ ጭቡጢ'ውን ኣሎ። ንኣብነት ሓደ ሰብ ኣብቲ ባርዕ ዘጋጠመሉ ሰዓት መኪና ሒዙ ካብቲ ከባቢ ብፍጥነት ክርሕቕ ከሎ ርእዩ እዩ።

• እቶም ህጻናት ካብ ገዛኦም ሃዲሞም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ። እዚ ዘውሓደ ተኽእሎታት ዘለዎ እኳ እንተኾነ፡ ግና ክኸውን ዝኽእል እዩ። እዞም ህጻናት ብዕድመ ንኣሽቱ ብምንባሮም ካብ ገዛኦም ክሃድሙ ይኽእሉ እዮም። ግና ክሃድሙ መደብ ከም ዘለዎም ዝኾነ ጭቡጢ ኣይተረኽበን።

ኣብ መወዳእታ ወላ'ኳ ብዙሕ ጻዕርታት እንተ ተገብረ፡ ክሳብ ሎሚ ዕለት ዝኾነ ኣሰር እዞም ህጻናት ኣይተረኽበን። ክሳብ ሎሚ ድማ ስድርኦም ተስፋ ከይቆረጹ ይደልይዎም ኣለዉ።



## ካብ ኣደነቕቲ ባህላውያን ጽምብላት መርዓ

1. ሮማንያ - ምዝራፍ መርዓት፦ ኣብ ሮማንያ እታ መርዓት ቅድሚ መርዓኣ ኣብ ዘሎ ቅንያት እንተ ተሰዊራ፡ ሃዲማ ወይ ጠፊኣ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ብስድራ ወይ ኣዕሩኽ መርዓዊ ተዘሪፉ ኣላ ማለት እዩ። እዚ ስርዓት ኣብታ ሃገር ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ባህሊ እዩ። ድሕሪ'ዚ፡ መርዓዊ ነታ ብስድራ ቤቱ ወይ ኣዕሩኽቱ ተዘሪፋ ዘላ መርዓቱ ንምምላስ ክኸፍሎ ዘግድዶ ነገር ኣሎ። ኣገዳሲ መሳጢ ፍቕራዊ ምልክታት ወይ ድማ በኺሪ ምልእቲ ሻምፓኝ ክኸፍል ይግደድ።

2. ኬንያ - ኣብ ክዳን መርዓት ጡፍ ምግባል፦ ኣብ መዓልቲ መርዓ ኣቦ እታ መርዓት ኣብ ክዳን መርዓት ጡፍ ይብል። ትርጉሙ ድማ 'ጸቡቕ ዕድል' ማለት እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ኬንያ ዝርከቡ ቀቢላ ማሳይ፡ ንሱብ ዘለዎም ክብረት ንምግላጽ ጡፍ ይብሉ።

3. ህንዲ - ምስራቕ ጫማ መርዓዊ፦ ኣብ ባህላዊ መርዓ ሂንዱ መርዓዊ ናብቲ ጽምብል መርዓ ዝቖየደሉ ቦታ ኮፍ ኣብ ዝበለሉ ጫማኡ ኣውጺኡ እዩ ኮፍ ዝብል። ኮፍ ምስ በለ ድማ መሓዛት መርዓት ጫማ መርዓዊ ወሲደን ይሓብእኦ። መርዓዊ ቅድሚ ጽምብል ምውድኡ ጫማኡ ንኽወስድ ነተን መሓዛት ገለ ገንዘብ ክህበን ይግደድ።

4. ቻይና- ምብኻይ መርዓት፦ ቻይናዊት ጓል ኣንስተይቲ ቅድሚ መርዓኣ ኣብ ዘሎ ግዜ ምብኻይ ኢያ ክትላመድ ትቕጽል። ስለዚ ኣብ ግዜ መርዓ፡ ገጻ ንብዓት ዝመልአ መርዓት ምርኣይ ልሙድ እዩ። ስለዚ ካብ ቅድሚ ወርሒ ዕለተ መርዓኣ ጀሚራ፡ ንመዓልቲ ሓንቲ ሰዓት ክትነብኺ ትግደድ። ዓሰርተ መዓልታት በይና ምስ በኸየት ድማ፡ ኣብቲ ናይ ምብኻይ ስርዓት ኣዲኣን ዓብያን ይጽንበርኣ።

5. ማለዥያ - ምሕራም መርዓውቲ ካብ ሽቓቕ፦ ኣብ ማለዥያን ኢንዶነዥያን ዝነብሩ ቀቢላ ቦርኒዮ፡ ድሕሪ ዕለተ መርዕኦም ዘሎ ሰለስተ መዓልቲ ንሽቓቕ ኢሎም ካብ ገዛ ክወጹ ኣይፍቀደን እዩ። እዚ ከይገብሩ ድማ፡ ሓለውቲ ይገብሩሎም። ስለዚ ኣብዘን ሰለስተ መዓልታት ንእሾቶ መግቢን ውሑድ ዝስተን ጥራይ እዩ ዝቐርበሎም። እዚ ስርዓት፡ እዞም መርዓውቲ ከይፋትሑን ወይ ምስ ወለዶ ደቆም ብሕማም ከይሞትዎምን ከም ዝከላኸል ይኣምኑ።

6. ኣውስትራልያ- ዕዱማት እምኒ ይሕዙ፦ ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ጽምብል መርዓ ዝሳተፉ ዕዱማት ፍሉይ ዝበለ እምኒ ኣብ ኢዶም ክሕዙ ይግደዱ። እቲ ስርዓት መርዓ ምስ ተዛዘመ ድማ፡ እቶም ዕዱማት ነቲ ኣእማን ኣብ ሓደ ብፍሉይ ወቒቡ ዝተዳለወ ዓቢ ሸሓኒ የቐምጥዎ። ድሕሪ እዚ፡ እዞም መርዓውቲ ሓዳር ምስ ገበሩ ነዚ ወቐብ ኣእማን ስድራ ቤቶምን መቕርቦምን ኣብ ዝመጽዎም የርእይዎም።



# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ቀመር ህይወት

ዓሰራይ ክፋል

**“ንገዛእ ርእስና ኣብ ደቀቅቲ ነገራት ዱብናብሲን ከትሕዝ ይግባእ። ብድሕሪዚ እቲ ኹሉ ናብ ዓበይቲ ክብርታት ክምዕብል እዩ።” - ማርከስ ኣውረልዩስ**

**“ባዕልኻ እንተ ዘፍቀድካሉ፡ ንስኻ ኣእምሮኻ ክዘርግ ዝኽእል የለን።” - ሮይ ቤኔት**

ጥቕሚ ሓጹር እንታይ እዩ? ንምክልኻልን ንምሕላውን እዩ። ኣብ ማእከል ጉደና፡ ሓንቲ ጉድጓድ እንተ ተፋሒራ፡ ምምሕዳር እታ ከተማ ምእንቲ ሰባት ኣብ እታ ጉድጓድ ኣትዮም ከይህሰዩ፡ ነታ ጉድጓድ ሓጺሮም ምልክት ይገብሩላ እዮም። እቲ ሓጹር ከኣ ካብ ሓደጋ ሓራ ይገብረና።

ኣብ ህይወትካ ገለ “ነኻል” (hole) እንተ ረኺብካ፡ ከይትወድቕ ሓጹር ክትገብር ከድልየካ እዩ። ምእንቲ ንሰኻን ካልኦት ሰባትን ከይትወድቑ። እወ ናብ ጌጋታት ምእንቲ ከይትወድቕ መኣርሒታት የድልየካ እየም።

ንሕና ከላትና ጌጋ ንፍጽም ኢና። የግዳስ ንስኻ ንገዛእ ርእስኻ ሓደ ዓይነት ጌጋ ብተደጋጋሚ ክትፍጽም እንከሎ እንተ ረኺብካዮኸ? ንኣብነት፡ ምስ በዓልቲ ቤትካ ምስ ተበኣስካ እንተ ተጣዒስካ ... ብተደጋጋሚ ነቲ ጌጋ እናፈጸምካ ቀጺሉ ትጠዓስ እንተ ኼንካ ... እዚ እንታይ ትርጉም ክህልዎ ይኽእል?

ህይወት ሓጹር እያ። ክንዲ ዝኾኑ፡ ጉድኣት ምስ ወረደካ ኑበሸካ ኣሕዊኽ ሰሩዕ ህይወትካ ክትቅጽል ምሓር ኣጸጋሚ እዩ። ክትእርሞም ንእትደሊ ጌጋታት ብምዝርዛር ሕጂ ጀምሮም። እቶም ጌጋታት — ክንጾ ባጀትካ ወጻኢታት ምግባር ወይ ንበዓልቲ ቤትካን ደቅኻን ዕሽሽ ምባል ወይ ከሉ ኻብ ኣብ ስራሕኻን ካልኦት ቈጸራታትን ምድንጓይ ... ክኾኑ ይኽእሉ።

ንዝርዝራት ጌጋታትካ ኣኪብካ፡ ምእንቲ እንደገና ከይክሰቱ ከተረጋግጽ፡ መጻልታዊ ገምግሞም።

ኣብ እዚ መዳይ ጥንቃቐ ምግባር ከድልየካ እዩ። እንታይ ዓይነት ሓጹራት ከም ዘድልዩኻ ኣሰላሲል እሞ — ለሚ መጻልቲ ኑዮም ሓጹራት ትኸለም!

ብዙሓት ሰባት ንገዛእ ርእሶም ካብ ምስ ዘዩንጹራት ሕልምታትን ባህግታትን ንላዕሊ ምስ ቴክኒካውያን ኣገባብ እዮም ዘተኣሳስርዋ። ምእንቲ እዚ፡ ንዓኻ ንሕልምኻ ናይ ምዝዋድ ገለ ተሰፉ እንተ ደኣ ሃሊዩ፡ ጭብጥ ክትገብሮ ከድልየካ እዩ። እቲ ስትራተጂ ዝያዳ ጭብጥ ብዝኾነ መጠን፡ ዝያዳ ብኣድማዕነት ይሰርሕ።

ኣብ ዝኾነ እዋን ውሳነ ክትወስድ እንከለኻ፡ ልዑል ኣደህቦ ክትገብር ይግባእ። ንጹር መጻልቲ ብዋበእ ፍሉ። ኣብ እታ መጻልቲ ናብ ትግባረ ክትሰጋር ኣለካ፡ ነታ መጻልቲ ከይትርስዓ ኣብ ዓውደ ኣዋርሕካ መዘናኻኸሪ ግበረሉ፡ ሸቶታት ሓንጽጽ፡ ካብኡ ነቲ ገስጋስካ ተኸታተሎ።

ውጥን ክትሕንጽጽ እንከለኻ፡ ኣብ መንገድኻ ኪጋጥሙኻ ዝኽእሉ ጉዳንዱ ኣቐዲምካ ኣብ ኣእምሮኻ ሰኣሎም። ብድሕሪ እዚ፡ ነቶም ጉዳንዱ እትደፍኣሎም ስትራተጂታት ከተውጽእ ኣለካ። ካብኡ ጸገማት እንተ ደኣ ተላዒሎም፡ ንገዛእ ርእስኻ፡ “እዞም ማሰናኸላት ኣነ ግድን ከወግዶም ዘለኒ እዮም። እዚኦም ንዓይ ከናኽመኒ ዘይኮኑ፡ ዝያዳ ከሐይሉኒ እዩ ዘለዎም። ዝያዳ ንኽኸውን ከኣ ኩሉ ክሕግዙኒ እዮም።” ኢልካ ኣዘኻኽሮ።

ዕወታት ዋኒናት ቀጻጸር ጸፊት ዘኪይዱሉ ስርዓት ኣለዎም። ዝኸውን ዋኒኑ ዋላ እቲ ዝበዝሐ ፍርያቱ ብቑዕ እንተ ኾኑ፡ ሓንቲ ካብ ፍርያቱ ሕማቕ (shoddy) እንተ ኾይና፡ ኣብ መጻኢ ማእለያ ዘይብሉም ዓማዊሉ ከተህድመሉ ትኽእል እያ።

ኣብ መላእ ዕምርና፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናብ ጸገም እንወድቀሉ፡ ንሕና ንደረጃ ብቕዓትና ንገዛእ ርእስኻ ብቕንዕና ሕተታ። ካብኡ ንድሕሪት ዘይትምለሰሉ ሜላ ኣብ ምርቃቕ ተጸመድ።

ርእሰ ተኣማንነት ንምህናጽ፡ ካብ እቶም ክትሰርሖም መዲብካዮም ዘለኻ ዝርዝራት ገለ ብቑዓምነት ክሰርሑ ዘለዎም ምረጽ። ዋላ ቀለልትን ግዜ ዘይወስዱን ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ዓሰርተ ደቀቕቲ ነገራት ምዕማም፡ ልዕሊ ሓደ ዓቢ ነገር ምዕማም ዝያዳ ንርእሰ ተኣማንነትካ ክብ ከብሎ



ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኢና እንቐያየር። እቲ ቐንዲ መፍትሒ ዓወት፡ ወለቕ ዘለቕ ከየብልካ ብጽንዓት ምቕጻል እዩ። እቶም ቀጻሊ ንስጉምቲ ኣእምሮኣም ዘለዋወጡ — ሓደ መጻልቲ ክብ ይብሉ፡ ካልእ መጻልቲ ርእሶም የውድቑ — ሽቶኦም ኣብ ምውቃዕ ምሓር ይጸግሞምን ኣብ ዝፈጥርዎ ዝምድና ጸኒዖም ክቕጽሉ ኣይክእሉን እዮም።

እቲ ሓጹር ሽዑ እዩ ክትከል ዝጅምር። ብዘይንጹር ሕንጻጻት ምድዋብ፡ ሰባት ምስ ኩሎም ዓይነታት እተጠማዘዙ ስነ መጐታት ንባህርያቶም ርትዓዊ ንምግባር ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡ “ጉዳዩይ ፍልይ ዝበለ እዩ።” ወይ “እዚ ንዓይ ኣይጸልወንን እዩ።” ወዘተ።

ንስኻ ብውድዓውነት ሓጹር እንተ ኸሊልካ፡ ኣብ እዋን ስግኣት፡ እቲ ናብ ርትዓውነት ዘእቱ ማዕጾ ይዕጾ። ገለ ነገር ተፈቒዱ ኣሎ ወይ እቲ ነገር ኣይተፈቕደን። ንኽትዕ ወይ ንርትዓውነትካ ንምኩሓል ዝኸውን ዝኸውን ይኸውን ባይታ የለን።

ሓጹራት ዝያዳ ዘድልዩኻ፡ ኣካላዊ ስሕበት ንውድዓውነትካ ከይዕብልልዎ ስግኣት ኣብ ዝህልወካ እዋን እዩ።

ዝኸውን ይኹን እትሰርሖ ትሕቲ ክእለታትካን ሽቶታትካን ከይከውን ንምርግጋጽ፡ ገለ ሜላታት ከተውጽእ ጸቡቕ እዩ። መለክዒታት ብሉጽነት እሞ ሓንጽጽ፡ ንገዛእ ርእስኻ ብኡኣም ከም እትምእዘዝ ግበሮ።

እቲ ቐንዲ ‘ሓጹር’፡ ሓደ ነገር ክትሰርሕ እንከለኻ ነቲ ስራሕ ንኽትዓምም ትውፊ ኣለኻ ማለት እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ ንውሳኔኻ ወይ ሓሳብካ ኣብ መጻልቦኡ ኣብ ምብጻሕ ክትፈሽል እንከለኻ፡ ግዜኻ ብምኽሳርካ ጥራይ ዘይኮነ ኣትሳቐ፡ ብስሪ እቲ ዘጋጥመካ ዋሕዲ ርእሰ ተኣማንነት ዘጋጥም ጸገም እውን ብቐሊሉ ዝሰገር ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፡ ንተኣማንነትካ ባይታ ዘዙብጦ ኩይኑ እዩ ዝኸውን። ከም ሳዕቤኑ፡ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ክሱብ ጸዕርታት ምግባር ምቅሓራጽ ኢኻ እትበጽሕ።

ኣብዮናይ ነጥቢ ምስ በጻሕካ ንውሳኔኻ ኣብ ምቕጻል ድራኸ ከም እትሰእን ይኽእል እዩ። ኣብ ነኣሽቱ ነገራት እተመዛዝንም ዓወታት፡ ተወሲኺ ርእሰ ተኣማንነት ንዓበይቲ ዕዮታት ንምዕማም ከም ዝሕግዝካ ኩቶ ክትስሕቶ ኣይግባእን።

ርእሰ ክብሪ እቲ ናብ ብርቅነት ዘለንበብና ኑዋዲ እዩ። ካብ እዚ ንላዕሊ ክብሪ ክወሃቦ ዝኽኣል እንታይ ኣሎ? ርእሰ ክብርኻ ንታሕቲ ገጹ ሽታሕታሕ ኢሉ ክወርድ ከተፍቅድ የብልካን። ንርእሰ ክብርኻ ብዝኸውን ዋጋ ክትከላኸለሉ እዩ ዘለካ።

ኣብ ስራሕካ ከመይ ትኸይድ ከም ዘለኻ ንምፍላጥ፡ ቀጻሊ ገምጋም እትገብረሉ ሜላ ክህልወካ ኣለዎ። ብድሕሪ እዚ ኢኻ፡ ብልክዕ ኣበይ ደው ኢልካ ከም ዘለኻ ክትለሊ እትኽእል።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ለይቲ ቅድሚ ንኽትድቅስ ናብ ዓራት ምድያብካ፡ ነታ መጻልቲ ከመይ ከም ዝሓለፍካያ ተመለስካ ጠምታ። እንታይ ከም ዝኸሰብካን እንታይ ከም ዝኸሰርካን ብደቂቕ ገምግሞ። ብድሕሪ እዚ፡ ኣብ እታ እትቕጽል መጻልቲ ዝያዳ ፍርያም ምእንቲ ኽትከውን፡ ንጹር መደብ ሓንጽጽ።

ንገዛእ ርእስኻ ዝበን ሕቶታት ኣቕርበሉ፦

- ሎሚ እንታይ እየ ዓሚመ?
- ነቲ ዝወጠንክዎ ምሉእ ብምሉእ ዓሚመዮዶ?
- ጽባሕ ብኸመይ መንገዲ እየ ክመሓየሽ?
- ብልጫታተይን ድኽመታተይን ኣየኖት እዮም?
- መኽሰበይ እንታይ እዩ? ክሳራይ እንታይ እዩ?
- ነቲ ናይ ሃዊሕ እዋን ሽቶይ ንኽበጽሕ ክሱብ ክንደይ ሰጕመ ኣለኹ?
- ካብ እዚ ሕጂ ዘለኹዎ ንላዕሊ ንኸይጸቢ ሓሊኹ ሐዘኒ ዘሎ እንታይ እዩ?

ብዙሓት ሰባት ንገዛእ ርእሶም ብልክዕ ናይ ምፍላጥ ጸገም ኣለዎም። ንስኻ ንድኽመትካ ብዘይዮእ ተለልዮዶ? እቲ ዘለካ ድኽመት — ምሓር ትህኪት፡ ቅንኢ ወይ ሕማቕ ባህሪ ... ክኸውን ይኽእል እዩ። ኑዮም ከም ድኽመታትካ ዘለኻዮም ጸቡቕ ገይርካ ኣቕልበሎም። ብድሕሪ እዚ ንገዛእ ርእስኻ፡ “እዚ ጸላኢየይ እዩ።” ኢልካ ኣዘኻኽሮ። ብጌጋኻ ኩቶ ክትሕበን የብልካን። እዚ ጌጋኻ ንኽትእሊ ዝደርኸካ ኣገባብ ኢኻ ክትክተል ዘለካ።

ናብ ኣወርጃ ትገይሽ እንተ ደኣ ሃሊኹ፡ ኣብ እቲ ኣህጉር እንታይ ከም ዝጸበየካ ኣቐዲምካ ንምፍላጥ ዝሕግዙኻ ጽሑፋት ከም ናይ መገሻ መሐበሪ (travel guide) ከተንብብ ኣለካ። ከምዚ ክትገብር እንተ ዘይክኢልካ፡ ብዙሓት ክትርእዮም ዘድልዩኻ ዝበቑ ኣገደስቲ ቦታታት ከይረኣኻዮም ናብ ሃገርካ ክትምለስ ትኽእል ኢኻ።

ዋላ ኣብ ህይወት እቲ ሓቂ ተመሳሲ እዩ። እቲ ሓናኽ ሰብ ነቲ ካብ ህይወት ክረኽቦ ዝዋሃቦ ዝበረ ጸጋ ከይረኸበ፡ ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ተዓፊኑ እዩ ዝነብር። ዝያዳ ብዝተዳለኻዩ መጠን፡ ብመሰረት እቲ ከኣታት ክእለትካ ብእኡ መጠን ዝሓሸ ይምዕብል። ምእንቲ እዚ፡ ረጊእካ ኮፍ ብምባል፡ ንህይወትካ ውጥን ኣውጽኣላ። ኑዮም ዝበዝሑ መገዛኒዝቲ ደማ ኣይትረስዮም ኢኻ!

“ቅድሚ ገዛእ ርእስኻ ተገዓዝ” ክበሃል እንከሎ፡ ናብ እቲ ዝረሓቐ መጻኢ ምጥማት ማለት እዩ። ገለ ፈላሰፋታት፡ “ኣዒንቲ ለባም ሰብ ኣብ ቅድሚ ርእሱ እየን ዝርከባ።” በሃልቲ እዮም። እዚ ማለት፡ ለባም ሰብ ብዝሓለፋት ጌጋታቱ ከስቈንቆን ንኽብር ግዜኡ ንበላሽ ኣየጥፍእን እዩ ዘሎዑ። ኣብ ክንድኡ ኑዮም ጌጋታቱ ንምእራም ንመጻኢ ኣርሒቑ እዩ ዝጥምት።

ንስኻ ወዲ 70 ዓመት ምስ ኮንካ፡ ንድሕሪት ተመሊስካ እንታይ ኢኻ ክትርኢ እትደሊ? ዞናይ ዓወትካ ኢኻ ክትጸምብሎ እትደሊ? ንዓኻ ኣብ እዛ ዓለም ንኽትነብር፡ ሓንቲ መጻልቲ ጥራይ እንተ ትተርፈካ፡ “ኣነ መን እየ? ህይወት ብየንደ ርእሳ እንታይ ማለት እያ?” ኢልካዶ ንገዛእ ርእስኻ ብሕቶ መዋጠርካዮ?

ሽዑ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሕቶታት እንተ ደኣ ኣቕሪብካ፡ ምሓር ከም ዘደንጐኻ ብእኡ ንበኡ ክስቍረካ እዩ። ኑዮም ሕቶታት ሕጂ ኢኻ ንገዛእ ርእስኻ ከተቕርቦም ዘለካ።

ንስኻ በይንኻ እተወለድካ ፍጡር ኣይኮንካን። ብዙሓት ሰባት ጸገም ኪጋጥሞም እንከሎ በይኖም እተጸሉ ኰይኖም ይሰምዖም እዩ። ገለ ሰባት ንዘጋጥሞምዎም ማሰናኸላት ኣብ ምስጋር ይዕወቱ። ብመንጽሩ ካልኦት ሰባት ንዘጋጥሞምዎም ማሰናኸላት ምስጋር ስኢኖም፡ ኣብ እቲ ዘለውዎ ተኸርዲኖም ዝተርፉ ኣለው። ኣብ ከምዚ ኩነታት ክንወድቕ እንከለና፡ ንዓና ክሕግዙን ከማኽሩን ዝኽእሉ ማእለያ ዘይብሎም ሰባት ኣብ ከባቢና ክርከቡ ከም ዝኽእሉ ኣብ ግምት ከእትዎ ጸቡቕ እዩ።

እቲ ዝበለጸ መንገዲ ሓጹር እትተኽለሉ፡ ምስ ሓደ መሕረቕ (nudnik) ሰብ ምምሕዛው እዩ። ንስኻ ኣብ ኣመንጋግካ ክትግኽ እንተ ደኣ ደሊኻ፡ ነቲ ስሱዕ ዓርክኻ ምሳኻ ከም ዝምገብ ግበሮ። ንሱ ጸቡቕ ገይሩ፡ መገቢ ከም እትግኽ ክዕብረካ እዩ።

ዋላ ናይ መቐጸዕቲ ሜላ እውን ከተተኣታቱ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ሕሱም ዓርክኻ “ጸፍረይ ብስነይ ክሓስ እንተ ደኣ ርኢኻኒ፡ 50 ናቕፋ ክኸፍለካ እየ።” በሎ። እቲ ዓርክኻ ደድሕሬኻ እናኸደ ንስኻ ብሰንኻ ጸፍርኻ ክትሓስ እንከለኻ 50 ናቕፋ እናኸፈለ ከም እትጥፍሽ ክዕብረካ ምስ ጀመረ፡ ቀልጢፍካ ነቲ ልምዲ ንሓዋሩ ክትብጽሖ ኢኻ እትግደድ።

ሊቃውንቲ ስነ ልቦና፡ “ክልተ ሰባት ካብ ሓደ ሰብ ይበልጹ። እቲ ሓደ ሰብ እንተ ወዲቑ እቲ ካልኣዩ የልዕሎ።” ይብሉና። ነገራት ክጸንክሩ እንከለው፡ ገለ ዝሕግዙኻ ሰባት ኣብ ከበቢኻ ሃሰው ኣብ ምባል ኣይትሕነኽ። ኣብ ቀጽሪ ሓይሊ ከም ዘሎ ኩቶ ክትዘንግዖ ዘይግባእ ሓቂ እዩ።

ሓደ ሰብ ቅድሚ መኣዲ ምቕራቡ፡ ኣብ ኣእዳዉ ርስሓት ወይ ጀርም ከም ዘይብሉ ንምርግጋጽ፡ ንኣእዳዉ ብሰምናን ማይን ኣጽቢቑ እዩ ዝሓጽቦ። ንውሽጣዊ እንታይነትና ኣብ ምጽራይ እውን ኩቶ ክንዘናጋዕ የብልናን። እንታይ ዓይነት ፊልም ክትዕዘብ ኣለካ? ምስ በዓል መን ዓርኩመሓዙትካ ግዜኻ ክትውፊ ኣለካ? እንታይ ዓይነት መለክዒ ስነ ምግባር ዋኒን ክትክተል ኣለካ? ...

እቶም መጻልታዊ እንመላለሶም ጉደናታት፡ ብምእሊዩ ዘይብሎም ኣማራጺታት ቅጽጽ ዝበሉ እዮም። የግዳስ ንኹሎም ከይመመና ገፊጥና ኣይኮንናን ክሰልኽዎ ዘለና። ነቲ መብዝሕትኡ ሰብ ዝፍጽሞ ጌጋ ከይትደግሞ፡ ኣመና ክትጥንቀቕ ኣለካ።

ንኣብነት ብዙሓት ሰባት፦

# ነቲ ኣብ ኢደም ዘለዎም ነገር ኣየድንቅዎን እዮም።

# ፈናንሳዊ ዓወት ማለት ናይ መወዳእታ ንፉዕ ሰብ ምዃን ይመስሎም።

# ውሳነ ክወስዱን ሓላፍነት ክስከሙን ኣይደልዩን።

# ስለምንታይ ይነብሩ ከም ዘለዉ ኣፍልጦ የብሎምን።

ዶብ ገዛእ ርእስኻ ምፍላጥ እምባኣር ኣመና ኣገዳሲ እዩ። ቅድሚ ንሓደ ነገር ክትጭብጥ ምህላኽካ፡ ጸቡቕ ገይርካ ሕሰበሉ።

ኣብ እዚ ዓንቀጽ ዝያዳ ክዘከሩ ዝግበኦም ነጥብታት፦

- ህይወት ኣጸጋሚት እያ። ጽንክር ስራሕ እንተ ደኣ ሃሊዩ፡ ሓያላት መኣርሒታት ከድልዩኻ እየም።
- ንገዛእ ርእስኻ እንተ ደኣ ዘይተኻላኺልካሉ፡ ርእሰ ተኣማንነትካ ትኸስር እሞ፡ ኣብ ናብራ ኣደካ ክትህብ ትግደድ።
- ንቓልሲ ናብራ ብስትራተጂ ግጠሞ። ናበይ ገጽካ ተምርሕ ከም ዘለኻ ምእንቲ ኣጥዊኻ ክትፈልጥ፡ ወረጃጽ ውጥን ኣውጽእ።
- ንኹሉ ነገር በይንኻ ክትዓምሞ ምሓር ኣይትህለኽ። በዓል መን ኣብ ጸገምካ ክሕግዙኻ ከም ዝኽእሉ፡ ዝርዝር ኣሶማት ሒዝካ ምጽናሕ ዝመስልዎ የለን።
- ንክብርታት ገዛእ ርእስኻ፡ ብሕማቓት ሰባት ከይብከል ብዘዮዮእ ተኸላኸለሉ።
- ልዑል ደረጃ ስራሕ ከተበርክት ተበገስ፡ ንገዛእ ርእስኻ እትቈጻጸረሉ ኣገባብ ክትሕንጽጽ ኣለካ።

**• ርትዓዊ ናይ ምግባር ዕድል ክወሃቦ እንከሎ፡ ብዙሓት ሰባት ንርትዓዊ ኣቐሪኖም፡ ብህግታቶም ዝጅልሑዎ ኣለው።**

**“ትዕግስቲ ካብ ምጥላል ይከላኸለልካ።”**
*** ኤ. ኣር. በርናርድ**

**“ወቕጣዊ ሰላማ እቲ ዝዓበየን ዝያዳ ዝኸበረን ግምጃ ንስኻ ክትደህሎ እትኽእል እዩ።” — ኣኪን ኣሌቱን**


ይቕጽል

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ኣጠቓቕማ ውልቃዊ ናይ ድሕነት መሳርሒታት

ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተመደብሉ ስራሕ፡ ልዑልን ብቑዕን ናይ ድሕነት ጥንቃቐታት ክዘውትሩ ሞያዊ ግዴታ ኣለዎም። ሓላፍነት ትካላት ወይ ኣስራሕቲ ድማ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት፡ ከምኡ'ውን ቦታ ስራሕ ንኸውሓሱ ኩሉ ዓይነት መከላኸሊ ኣገባባትን ስጉምትታትን ከምዝለዉ ከረጋግጹ ኣለዎም። እዚ ድማ ካብቲ ዝለዓለ ናይ ምውጋድን ምእላይን



ጀሚርካ፡ ክሳብ እቲ ዝተላለየ ምጥቃም ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ዘጠቓልል ክኸውን ኣለዎ። እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋንዚ መብዛሕትኦም ሰራሕተኛታት ድሕነቶም ንክሕልዉ፡ እቲ ብቐዳምነት ዝሰርዕዎን ኣብ ሓንጎሎም ዝቖርጽዎን ነገር እንተሃልዩ፡ ምጥቃም ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት እዩ። ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት ክመሓየሽ፡ ሰራሕተኛታት ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ክወዝቡ ከምዝለዎም ዘካትዕ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ ብዙሓት ተርእዮ ሓደጋታትን ሕማማትን ብመንጽር ቀረብ እዞም ዝተጠቕሱ መሳርሒታት ተኣሳሲሩ መግለጺ ክወሃቦም፡ ጥርዓናት ክቐርቡ ጸኒሖምን ኣለዉን።

ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ንሰራሕተኛታት ካብቲ ዝሰርሕሉ ዘለዉ ስርሓትን ንጥፈታትን ክበጽሖ ዝኽእል ተኽእሎ ሓደጋታት ናብ ኣካላቶም ከይሰዕብ ዝከላኸሉ ኮይኖም፡ ንመጽር ዓይኒ፡ ናይ ድሕነት ጫማ፡ ናይ ኢድ ጓንቲ፡ ናይ እዝኒ መከላኸሊ፡ ቊራዕ ርእሲ ወዘተ ዝሓቖፉ እዮም። ውልቃዊ ካብ ምኳኑ ዝተበገሰ ድማ ኣብ ኣካላቶም ንዘወርድ ሓደጋታት ከም ድርዒ ኮይኑ ይከላኸሉሎም። ብመሰረት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ከም ናይ መጨረሽታ ደረት ምክልኻል ሓደጋታትን ሕማማትን ዝውሰዱ ኮይኖም፡ ካብ 90-95% ይከላኸሉ። እዚ ከኣ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ፡ ዋሕስ ድሕነት ሰራሕተኛታት ምኳኖም ንገዝቡ። ብኸመይ ንጥቀመሉ ምፍላጥ'ውን መሰረታዊ ነገር'ዩ።

እቲ ዝበለጸን ፍቱንን ኣገባብ ምክልኻል ሓደጋ፡ ጠንቂ ወይ ምንጪ ሓደጋታት ብዝሖቕኡ ዲህሰስካን ፈቲሽካን ምሉእ ብምሉእ ከምዝእለዩ ወይ ከምዝውገዱ ምግባር እዩ። ንኣብነት፡ ደርና ኮይኑ ኣብ ክንዲ ተቐዳዲምካ ናይ ኣፍ ማስክ ምውዳይ፡ ምንጪ ደርና ምእላይ ወይ ምውጋድ እዩ። እዚ ካብ ዘይተደለየ ወጻኢታት የድሕነና፡ ውሑስ ናይ ስራሕ ኣከባቢ'ውን ይፈጥረልና። ናይ መከላኸሊ ድሕነት ስጉምትታት፡ ምውጋድ፡ ምትካእ፡ ዓቕን ምጉዳል፡ ኢንጂነራዊ ምቁጽጻርን ምምሕዳራዊ ኣገባብን እዮም። እዚ ኩሉ ጻዕርታት ኣካይድካ ወጻኢት ክርከብ ምስ ዘይከኣል፡ ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ምጥቃም፡ ውሕስነትን ድሕነትን ሰራሕተኛታት የረጋግጽ።

መብዛሕትኦም ሰራሕተኛታትን ትካላትን ግን፡ ነቲ ድሕረት ዝኸውን ከቐድሙ እዮም ዝርእዩ። እቲ ብመጀመሪያ ክእረም ዘለዎ ጉዳይ ከኣ፡ እዚ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን እዩ። ንኣብነት፡ ብርቱዕ ድምጺ ዝፈጥር ማሽን ወይ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ ኣብ ክንዲ ተቐዳዲምካ ናይ እዝኒ መከላኸሊ ምጥቃም፡ ጠንቂ ናይቲ ድምጺ ኣለሊኻ ክትኣልዩ ምፍታን እቲ ዝሓሸ መንገዲ እዩ። ስለዚ፡ ተቐዳዲምካ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ክትጥቀም ዘይምጽዓር፡ ብኸምዚ ከኣ ድምጺ ከምዝጎድል ምግባር፡ ጸገምን ምትዕርራይን ምኪያድ፡ ምምሕዳራዊ ኣገባብ (ንብዙሕ ሰዓታት ዘይምቕላዕን ምብርራይን) ምኽታል ዝኣመሰሉ ኣገባባት ብዝሖቕኡ ተዳህሲሶም ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት ክሕለው ኣለዎ። እዚ ተፈቲኑ ምስ ዘይሰምር ግን ናይ እዝኒ መከላኸሊ ምጥቃም የድሊ።

ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ጽሬትን ብቕዓትን ክህልዎ ዝላቶ ደረጃ ስለዘለዎ፡ ካብ ዓይነት ናይ'ቲ መሳርሒታት ጀሚርካ፡ ክሳብ ምእካል ዝርግሐ ክረጋገጽ ይግባእ። ዓቐንን መጠንን ናይዞም መሳርሒታትን፡ ነዮም ክጥቀምሉ ዝተዋህቦም ሰራሕተኛታት ብዝሖቕኡ ዝተሳነየ ወይ ዝተመጣጠነ ክኸውን'ውን ኣለዎ። ክዓብዩም፡ ክንእሶም፡ ክገፍሖም ወይ ክጸቦም ኣይግባእን። ከምኡ እንተ ኾይኑ ኣብ ክንዲ ዝከላኸሎም፡ ካልእ ዘይተረጋእየ ተወሳኺ ጸገማት ክፈጥረሎም ይኽእል። ኣብ ዝንበርዎ ምንቅስቓሳት፡ ክእለት-ምርኣይን ካልእን ከጸግሞም ይኽእል።

ዓይነትን ደረጃ-ብቕዓትን ናይዞም ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት'ውን ምስኦም ናብ ኣካላት ሰራሕተኛታት ከይቀርቡ ዝድለዩ ዘለዉ ተኽእሎ ሓደጋታት ዝከላኸሉ ምኳኖም ምርግጋጽ ከድሊ እዩ። ኣብዚ ዝርአ ሓላፍ ዘላፍ ግን መዳርግቲ የብሉን። መብዛሕቲኦን ትካላት ብዙሕ መጽናዕቲ ዳህሳስን ከየካየዱ ንስለ ቀረብ ጥራይ ደረጃኡ ዘይሓለወ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ንሰራሕተኛታተን ክዕድላ እየን ዝረኣያ። እዚ ተቐባልነት የብሉን። ንኣብነት፡ ኣብ ምልካይ ሕብሪ መኪናን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ወደየሞ ዝጸንሐ ናይ ኣፍ ማስክ ካብቲ ተራን ልሙድን ዓይነት ማስክ ፍልልይ የብሉን። ከም ሳዕቤኑ ክሸገሩ ይረኣዩ። ኣብ ጸሬት ተዋፊረን ዘለዋ ሰራሕተኛታት እውን፡ ብመንጽር ናይ ስራሕ ባህሪን ኩነታትን ዝጥቀማሉ ከም ሽበጥን ቡት-ጫማን ዝኣመሰሉ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ንድሕነተንን ጥዕናአንን ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮኑን። ስለዚ፡ እቲ ብቑዕን ዓይነታዊን ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ምቕራብ የድሊ።

ቀረብ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ተኽእሎ ሓደጋታት ኣብ ምውጋድ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንጥዕና ሰራሕተኛታት'ውን ብፍሉይ ዘተኩረ ክኸውን ኣለዎ። ንኣብነት፡ ናይ ዓይኒ ጸገም ዘለዎ ሰራሕተኛ ከም ማንም ጥዑይ ሰራሕተኛ ተቐጺሩ ሓደ ዓይነት መጽር ዓይኒ ምሃብ፡ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ክዘይድ ግድን እዩ። ስለዚ፡ ሕክምናዊ መርመራ ተኻዪዱሉ፡ ንዕኡ ዝምጥን መጽር ዓይኒ ክወሃብ ይግባእ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ቤት ዕዮ ኤሌክትሪክ ተመዲቦም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ጫፉ ሓጺን ዘለዎ ናይ ድሕነት ጫማ ክወሃቦ ፍቑድ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኣብ ምርጫ ናይቲ ዝድለ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ልዑል ጥንቃቐን ቁጽጽርን ይሓትት።

ትካል ወይ ኣስራሒ፡ ነዮም ኣብ ትሕቲኡ ተመዲቦም ዝሰርሑ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ብመንጽር ዘካይድዎ ዘለዉ ንጥፈታትን ዝጥቀምሉ ዘለዉ መሳርሒታትን ክቐርበሎም ኣለዎ። ብተወሳኺ፡ ነዮም ክፍጠሩ ዝኽእሉ ተኽእሎ ሓደጋታትን ሕማማትን ተገዚቡ፡ ንሰራሕተኛታቱ ብዘይ ክፍሊት እኹልን ብቑዕን ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ክቕርብ ግዴታ ኣለዎ። ሰራሕተኛታት ድማ ብመሰረት ዝተዋህቦም መምርሒታትን ሕጋጋትን ተቐይዶም፡ ብግቡእ ክጥቀምሉ ናይ ግድን ይኸውን። ኮይኑ ግን ብወገን ሰራሕተኛታት ኣብ ኣጠቓቕማ ሸለልትነት፡ ዘይተገዳስነት፡ ኣጉል ርእሱ ተኣማንነትን ካልእን ደርኣ እዩ። እዚ ዘይውሑስ ተግባርን ዘቕጽዕን ኮይኑ፡ ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን'ውን ኣሉታዊ ወጽኢት የኸትለሎም።

ትካል፡ ንነፍሲ-ወከፍ ሰራሕተኛ ንምንታይ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ይዕደሎ ከምዝለዎ፡ ኣድላዪ ሓበሬታን ምኽርን ክህብ ኣለዎ። ኣብዚ ከይተሓጸረ'ውን ንኣጠቓቕማኡን ኣተሓሕዝኡን ዝምልከት፡ ቀጻሊ ስሩዕን ትምህርትን ስልጠናን ክወሃቦ ይግባእ። ከምዚ ዓይነት ስጉምትታት ምውሳድ፡ ርድኢትን ንቕሓትን ናይ ነፍሲ-ወከፍ



ሰራሕተኛ ዘዕቢ እዩ። ምስ ዘይትግበር ግን፡ ብጉድለት ሕጊ ምጥሓሱ፡ ምምሕዳራዊ መቕጻዕቲ ዘኸትል እዩ።

ገለ ሰራሕተኛታት፡ ነቲ ዝወሃቦም ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ኣብ ምንቅስቓስን ኣብ ስራሕን ምቕት የብሉን ብምባል፡ ናይ ዘይምጥቃሙ ባህርያት የርእዩ እዮም። ዝኾነ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ግን፡ ንድሕነት ደኣ'ምበር፡ ንምቕት፡ ንመዘውሪ፡ ንጣዕሚ ካልእን ተባሂሉም ዝቐረበ ከምዘይኮኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰራሕተኛ፡ ዝተዋህቦ ናይ ድሕነት ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ክጥቀመሉ ግዴታ ኣለዎ።

ጸብጻባት ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ ጉዳያት ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ብወገን ትካላት ይኹን ሰራሕተኛታት ዝምዝገቡ ዘለዉ ጉድለታት ጌና ብዙሕ ስራሕን ጻዕርን ዝሓቱ ምኳኖም'የም። ትካላት ደረጃኡ ዝሓለወን እኹልን ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ክቐርባ ይጸገማ ኣለዋ። ኣብዚ ብዙሕ ምኽንያታት ይወሃብ'ኳ እንተኾነ፡ ዝያዳ ግን ተገዳስነትን ተወፋይነትን ምምሕዳር ብዘይ ምህላው ዝበለጸ ምኳኑ ይሕበር። ስለዚ፡ ድሕነትን ጥዕናን ምውሓስ፡ ወፍሪ ምኳኑ ጠሚቱ ከም ባህሊ ክስርጽ ይግባእ። ዕጋበትን ተወፋይነትን ሰራሕተኛታት፡ ብመጠን ደሞወዝ ጥራይ ክግለጽ ወይ ክሕጸር የብሉን። ዝያዳ ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ናይቲ ሰራሕተኛ ዘተኩረ ምስ ዝኸውን፡ ርእሲ ተኣማማንነትን ሓያል ተገዳስነትን ናይ ሰራሕተኛታት ኣጉልቢቱ፡ ዝያዳ ኣድማዕትን ኣፍራይትን ክኾኑ ይገብሮም።

መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ብዙሓት ዓይነታት ተኽእሎ ሓደጋታት ዘወግዱ ስለ ዝኾኑ፡ ምስ ናይ ስራሕ ኩነታት ተሳንዮም ዝዳለዉ እዮም። ካብቲ ዝኣሰ ናይ ኣድ ጓንቲ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ምሉእ ኣካላት ዝሸፍን ክዳን ዝሓቑፉ ምኳኖም ድማ ንኣገዳስነቶም ዝገልጽ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ እዋናት፡ ብዙሕ ስራሕን ጻዕርን ተኻዩዱ እኳ እንተኾኑ ኣብ ኣጠቓቕማኦምን ኣተሓሕዛኦምን ግን ብዙሕ ዝተረፈና ከምዝሎ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ብፍላይ ኣብ ጽላተ-ቁጠባ ህንጻ፡ ሰንዓ፡ ዕደናን ምፍሓጽ እምኒ፡ ሕርሻ ከምኡ'ውን መጕዓዝያን መራኸቢታትን ዘሎ ቀረብን ኣጠቓቕማን ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ድሩትን ትሑትን ስለ ዝኾኑ፡ ልዑል ጠመተ ዘድልዮ እዩ። ሰራሕተኛታት ብወገኖም፡ ምጥቃም ናይ ውልቂ መከላኸሊ መሳርሒታት፡ ንድሕነቶምን ጥዕናኦምን ምዃኑ ተረዲኦም፡ ኣብ ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን ልዑል ጥንቃቐን ተገዳስነትን ክገብሩ ይግባእ።



**ብንያም ኣሕፈሮም**

**ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን**

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሓጹርዶ ድልድል?

*09 መጋቢት 2020*

*02:15 ድ.ቐ. - ኣስመራ*

ዳየረይ፡ ከመይ ቀኒኺ፧ "ከመይ ክቐኒ ትጽበዩ፧ ንስኺ ዝቐነኽዮ እዩ ቀነይ፡" መቸም ኣይትብልንን ትኾኒ። ህድእቲ ኢኺ ኢለ እየ ዝሓስብ። ነቲ ዝሰተረ ሰቲሩ ስርንቕ ዘይብል ከርስኺ እናኽዕዘብ፡ "ንዓኣ ዝሃበ ዓቕሊ'ኳ!..." እናበልኩ ዘድነቕኩኺ መዓልታት ኣዲኡ ትቑጸሮ። ነዛ ነብሰይ፡ ኩሉ ክትጻወር እትኽእል ዓቕለኛ ገይረ እንድየ ዝሓስባ ነይረ፡ ሎሚ ሎሚ ግን ኣይግድን። ኣነ ድየ ጠባየይ ዘርቀቕ ዘለኹ ወይስ ፈተናታት እዮ ዝደራረበኒ ዘሎ እንድዒ። መንጸርጸሪት ድየ ኰይነ ዘለኹ ወላስ መስተማሰሊት ንስኺ ፍረድኒ።

ዳየረይ፡ ብቐዳማይ'ዩ ካብዚ ቅልውላው ስምዒታተይ እንተሃደምኩ ብምባል ብዙሕ መጻሕፍትን መጽሔታትን እገማጥል ነይረ። "ክልተ ምርጫ'ዩ ዘለና። ወይ ሓጹር ወይ ድልድል፡" እትብል ጽሕፍቲ ኣብ ገሊኡ ጸኒሓትኒ። ከምዚ ዶ ከምቲ ይሓይሽ እናበልኩ ከዕነንይ እየ ቀንየ። እዛ ጽሕፍቲ ድማ ግዲ ናብ ውሳነ ክትወስደኒ እያ ደልያ፡ ንውሽጠይ ክትቅስቅሶ ቀንያ ኣላ። ምስዚ ዘለኽዎ ሃለዋተይ እትሳነ፡ ልክዕ ኣብ ግዚኣ ግዲ ረኺበያ ኰይነ ድማ ክሳብ ሎሚ ካባይ ኣይረሓቐትን።

ዳየረይ፡ ሕልመይ ጽቡቕ ጌርኪ ትፈልጥዮ ኢኺ። ሕልመይ፡ ነቲ ኣቐዲመ ዝሃነጽክዎ ድልድል



ብዝተፈላለዩ ቀብኣታትን ዕምበባታትን እናሰላለምኩ ምንባር እዩ። ጀሚረዮ'ውን ነይረ እየ። ኣማዕዲኻ እንክርኦ፡ ካብ ልዳት ቤተይ ክሳብ ፍርቂ እቲ ድልድል ንምርኣዩ ባህ ዘብል ከም ዝኾነ ንስኺ'ውን ትኽሕድዮ ኢኺ ኣይብልን እየ። ኣዕሊለኪ'ውን ነይረ እየ። እንተኾነ፡ በቶም 'በጻሕቲ' ክርበሸን ክጉህን ምስ ጀመርኩ ግን ብምዕግርጋሮም ዝኣክል እናተረደኣኒ ኣድህቦይ ተሰሪቑ። ነቲ ድልድል ምስልላም ኣቋሪጸ፡ ቤተይ ንኸይድፈር ቀጽሪ ዝኾነኒ ሓጹር ኣብ ምሕጻር ድማ ኣትየ። ሕልመይ፡ ከምዚ ዘለኽዎ ብቐጽሪ ተሓጺረ ክተርፍ ኣይኮነን ነይሩ። ናጽነተይ ተሓልዩለይ፡ ኣነ'ውን ናይ ካልእ ናጽነት እናሓለኹ ካብን ናብን ክብል እምበር።

ዳየረይ፡ ካብዘን ኣቐጺረየን ዘለኹ ዕድመይ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ 'ናይ ፍርሒ' ሓጹር ኣብ ምሕጻር ኣሕሊፈዮ ኣዐሪኺ ትፈልጢ ኢኺ። ልዕሊ ማንም እኳ ደኣ። "እንታይ ክደግም!.... ሎሚኸ እንታይ ክደግም!" ኢለ'ኳ ዘድሓርሕር እንተ ኾንኩ፡ ነቶም 'ካሕሳይ' ዝብሎም 'ሰበይ' ስለዝርኢ ግን ሓጹረይ ከፍርስ እድረኽ። ልበይ፡ ብዝወረዳ ጥልመት ንኸይትስንብር ዝኣልዩዋን ዝከናኸንዋን ድማ ንሳቶም እዮም። እንቋዕ'ባ ናተይ ኮኑ!

ዳየረይ፡ ነታ ድልድል ቀዲመ ዝሃነጽክዋ ምኽንያይ ትፈልጢ ኢኺ። ነዊሕ ግዜ ከም ዘይወሰደትለይ'ውን ትርስዕዮ ኢኺ ኣይብልን እየ። ናይቲ ሓጹር ግን ዘረባ የብሉን። ይህነጽ... ይፈርስ... ይህነጽ... ይፈርስ...። በታ ድልድል እናተጓዕዙ፡ ኣብኣ ኰይኖም ኣማዕድዮም ነቲ ሓጹር ዝረኣዩ ፈለጥተይ ብዘመጽእዎ ግልብጥ ኢሎም ክምለሱ ኣጋጢሞምኒ እዮም። ከምኡ ኢሎም ምኻዶም ብዙሕ ኣይስመዓንን እዩ። እዚኣ'ውን ሓንቲ ዓባይ መምዘኒ ስለዝኾነት። ካልእ እንተ ተረፈስ ካብ ኣራግጽ'ኳ ይድሕን ኻለይ። ሓጹረይ ብምህላዉ ጥራይ ውሕስነት ይስመዓኒ እዩ።

ድልድል ተሳጊሮም፡ ኣብ ልዳት እቲ ሓጹር ቀሪቦም ማዕጾ ክኽፈተሎም ዝሾሕኰሑ ድማ መሊኦም። ነዚ ዝገብሩ፡ ተቢያም ተባሂሉ እዩ። ትብዓቶም የሐጉሰኒ'ሞ እሰድዕ። ዳየረይ ሽኮር፡ "እዚ'ሞ ንዓይ መዓስ ሓድሽ ዕላል ኮይኑ፡" ኣይትበልኒ። ሕጂ'ውን ለውጢ የለን። ሽግር ዝመጽኣኒ ዘሎ እኮ፡ በቶም ማዕጾ ተኸፊቱሎም ልዳት ሰጊሮም ዝኣተዉ ሰባት እዩ። እንታይ ኰይኖም ሕዱር ፍርሒ ከም ዘለኒ ከስተውዕሉ ኣይክእሉን፡ ወይ'ውን ኣይግደሱን ግርም'ዩ ዝብለኒ። ኣሚነ ንቤተይ ኣእትየዮም ክንሰይ ብዘይ ስክፍታ ኣብ ዝምልከቶምን ዘይምልከቶምን ጉዳያተይ ክኣትዉ ኣይድንጉዩን። 'ኣጋይሽ' ጥራይ ክኾኑ ፈቒደሎም ከለኹ፡ "ንምንታይ ከምዞም 'ደቂ ገዛ' ጌርክዮም ዘለኺ ዘይኮንና፡" እናበሉ ይርብሹኒ። መርገጺተይ ግን ፍልጥቲ እያ። ዝግ! በቃ ዝግ ምባል። "ከምኣም ክትኮኑ ብህድኣት ምሳይ ሰጉሙ፡" ኢለዮም ንኽርድኡኒ ክጽገሙ እንከለዉ፡ ኣነ ኸኣ ብእኦም እገረም። ነቲ ናተይ ጉዕዞ፡ በቲ ናተይ መገዲ ዝጓዓዝ ክንሰይ፡ ኣብቲ ናተይ መገዲ ንምንታይ ብጉያ ቀዲሞምኒ ይሓልፉ ይገርመኒ። "ማዕሬና ዘይሰጉምኪ" ክብሉኒ ከለዉስ ወረ ካብ ምግራም ሓሊፉ ቅጭ'ዩ ዝመጽኣኒ። ሕጂዶ ክሕሱ ኰይነ።

ዳየረይ፡ ከምቲ ካልእ ሰብ ዝብለኒ "ብነብስኺ ደኣ ፈራሕ ኴንኪ'ምበር፡" ኢልኪ ኣይትፈርድንን ትኾኒ። "ሕጂኸ እንታይ ክደግም!" ዝብል ፍርሓይ ገደብ ክገብረሉ ብምባል፡ ክንደይ ግዜ ነዚ ሓጹር ኣፍሪሰዮ እየ። ሽዑ ዝሕጉሶ ታሕጓስ ኣስተውዒልክሉ ትኾኒ ኢኺ። ከም ብተይ ክዘልል እንክለኹ ንረኣዩየይ የገርም። እንታይ'ሞ ይዓብስ፡ መዓስ'ሞ ጥዑም ክመንዎ ዕድል ይወሃበኒ ኰይኑ። እናኣስተማሰልኩ ሓጹረይ ናብ ምሕጻር ይምለስ። "እዚ ሓጹር፡ ጠቒሊሉ ዝፈርሰሉ ግዜስ ይመጽእ'ባ ይኸውን፡" ዝብል ተስፋ ስለዘለኒ ግን ኣደልዲለ ኣይሓጽሮን። ኣብ ምፍራሱ ክጽገም ድሌት ስለዘይብለይ፡ ኣብኡ እንክለኹ ኳንየ እገድፎ። ዳየረይ፡ ፍርሐይ ተቐንጢጡለይ፡ "ዘመጽኦ ይምጻእ እንታይ ክንድኡ ዘጉሂ ኣለኒ፡" ኢለ ነዚ መካበብያይ ጠቕሊለ ዘፍርሰሉ መዓልቲስ ትህሉ'ባ ትኸውን። ሓቂ ንምዝራብ፡ እዚ ተካል ሓጹር ንመልክዕ እዛ ድልድለይ ደዊኑለይ ስለዘሎ፡ ነዛ ንምርኣዩ የጽልኣኒ እዩ። ግን... እንታይ እሞ ክገብር...።

ዳየረይ፡ እዚ ተስፋ እዚ'ዩ ምስ ሰባት ሓድሽ ሌላ ክምስርት ዘተባብዓኒ ዘሎ። እንተ ናይተን "ወይ ሓጹር ወይ ድልድል" ዝብላ ምርጫ ግን ሓንቲኣን ምረጺ ኢልኪ ኣይተገድድኒ። ንሕጂ ዝኸውን ርጉጽ መልሲ የብለይን። "... እወ ብዙሕ ተስፋ ኣለኒ ወላ ዓይነይ እናነብዐ...፡" ድዩ ዝበለ ኣብርሃም ኣፈወርቂ ኣብታ 'ተስፋ'ያ ስንቀይ' ትብል ደርፉ። ሓቁ'ዩ፡ ንሰብ ተስፋ እዩ ዘንብሮ። "smile is curve, but it makes everything straight." ድማ ኢላ ማዘር ተሬዛ። እዚ ካብ ኮነ... ፍሽኽ እናበልኩ ጥራይ እየ ክሓልፎ ዘለኒ። ፍሽኽ... ፍሽኽ... ፍሽኽ... ንዓይ ክጥዕመኒ። ኣንቲ ዳየረይ፡ ዓለም ከምኡ'ያ ግዲ!

**ኣስቴር የማነ**

## ንዓይዶ ንመሓዛይ

*27 ሓምለ 2022*

*4:10 ድ.ቐ.*

ዳየረይ! ነውሪ ምኻኑ እፈልጥ እየ፣ ግና ነውሪ ኣይትበልኒ። ሕማቕ ሓሳብ፡ ሕማቕ ስምዒት ይወረኒ ከም ዘሎ ቅድሚ ክልተ ቐነ ተንኪፈልኪ ነይረ። እዚ ዝተኸወልኩኺ ክልተ ቐነ - ኣብ እንዳ ኣሞይ ዘሕለፍክዎ - ነብሰይ ምእንታን ክፈልጥ'የ። እዚ ዝቐልወኒ ዘሎ ናተይ ድዩ ኣይኮነን ክፈልጦ ደልየ ዳየረይ። እንተኾነለይ ከኣ ካብ ውሽጠይ ኣውጺኣ ከም ዘይናተይ ክርእዮ ደልየ።

ሓንቲ ምሸት ሙና መሓዛይ ገዛና መጺኣ ሓደ ጽቡቕን ሃብታምን ወዲ ከም ዝተላለየት ኣዕሊላትኒ። "ክንደይ ዘይረኸብኪ፡ ክንደይ ከኣ...፡" ዘስምዕ ኣጠማምታ ጠመትኩዋ። "እዚ ፍሉይ'ዩ ማሓዛይ። ምስዚ ክማጡግ'የ ዝመስል፡" ኢላትኒ- ኣይኣመንክዋን። ካባኺ ደኣ ኣይሓልፍን'ዩ'ምበር፡ ሙና ማሓዛይ ዝተላለየቶምን ዝረስዓቶምን ኣዲኦም ትቑጽሮም። ኣብ ዘይመንጠብየይ ከይተእትወኒ ስለ ዝፈርህ፡ ኣብ ባዕለይ ዘይቈጻጸሮ መደብ ምስኣ ኣይከይድን'የ። "እውይ ሰሚራ ማሓዛይ! ሎሚ ኣይትኣምንን ኢኺ...፡" ትብለኒ። ቅንይ ኢላ "ኤክስ ሂበዮ፡" ትብለኒ። ዳየረይ መስተያት ሕልናይ እንዲኺ፡ እንታይ ትብልኒ ከም ዘለኺ እፈልጥ'የ። ምሕዝነትና ካብ ቍልዕነትና ዝዓበየ እዩ። ካልኣይ ደረጃ ኣብ በበይኑ ቤት ትምህርቲ ክንመሃር እንከለና'ያ እዚ ባህሪ ኣጥርያቶ። ነዚ ዕድመ ምሕዝነትና ኵሉ ሳዕ መመኽነይታ ከም ዝገብሮ እፈልጥ'የ። "ሓደ መዓልቲ ዘይደሓን ኣሎ፡" ዝብሉኒ'ውን ኣለው። ሕጂ'ሞ ከመይ ኢለ እገድፋ። ምኽንያት እንተ ዝገድፋ እዚ ኣይምወረደንን።

ምሸት-ምሸት ነዚ ዝተላለየቶ ጽቡቕን ሃብታምን ወዲ "ደዊልለይ...ተቛጺርና ኣለና... ክሽንድሖ'የ... ኣቲ ኣይርብርብን'ዩ ፈትዩኒ ክኸውን ኣለዎ...፡" እናበለት ሞኽ ኣቢላትኒ። ኣብ ሞንጎ ከይረኽባ ተለፎና ከይቅበል ፈኪረ ኣስቂጠ ቀንየ። ግን ከምዛ ዝበልኩኺ እዩ። ኖን ንሕና ስድራና ዘሻቕል ምሕዝነት ኣለና። ብኣደኣ ገይራ ቈጺራትኒ ከይደያ። እቲ ወዲ ብዙሕ ግዜ ከም ዝረኸበቶ ነጊራትኒ፣ ንሕምቶዶ ሕቶ - ኣይገረመንን።

"ሎሚ ምሳይ ግድን ክትከዲ ኢኺ። ማሓዛ የብልክን ዲኺ እናበለ ይርብሸኒ ኣሎ፡" ኢላትኒ። ተገቲረ ክምልሰላ እናበልኩ፡ "ስለምንታይ ከምኡ ኢሉ'ባ በልኒ፡" ኢላትኒ፣ መልሰይ ገዲፈ ክሰምዓ ተዳልየ። "ትፈልጢ ዲኺ እዞም ገሊኦም ኣወዳት ቅድሚ ዝኾነ መጽናዕትን ምርምርን ከም ዝፈትው? እዚ ኸኣ ብኽልተ ምኽንያት ማሓዙተይ ክፈልጥ ደልዩ ይኸውን። ሓደ በሊ...፡" ሓደ ክብል ኮነ ኢላ ተጽብያትኒ።

"ሕራይ ሓደ፡"


"ምናልባት ንኽሓተኒ ፈሪሑ ይኸውን። ክልተ በሊ...፡" ከይተፈለጠኒ ኣብ ሙድ ኣትየ ክልተ ኢለያ።

"ምናልባት ክመዝነኒ ኣይከኣለን ይኸውን። መሓዙተይ ርእዩ ክፈርድ ደልዩ ይኸውን፡" ዓይና ኣፍጢጣ ክልተ ኣእዳዋ ዘርጊሓትለይ። ክንደይ ግዜ ብልቢ-ወልድ ሙና ዘይተሃነንኩ፣

"ሃያ! ሰለስተ በሊ..." ኢለ'ያ ኣዒንተይ ልዕሊኣ ኣፍጢጠ።

"ሰለስተ ማሓዛይ መዓረይ!"

"ምናልባት፡ 'እዚኣስ ትትረፈኒ ካብኣ ዝሕሻ ማሓዙታ ደኣ ተረኺብኩ'ምበር' ኢሉ ይኸውን፡" በልክዋ። ክሳብ ማማ ትቕልቀል ዓንቀራ ቀሊዓ ስሒቓትኒ። በቲ ክኣምና ዝኽእል ማሕላ ምሒላ ናይ ብሓቂ ምኻኑ ነጊራትኒ።



"ነተን መጻልልትኺ ሒዝክሉ ኪዲ፣ ኣነ ኣይከይድን'የ፡" ኢለ ኣብየያ። ንሰን ናይ ልቢ ማሓዙታ ከም ዘይኮና፡ ኣነ ዝያዳ ሚዛና ከም ዘውስኽላ፡ እዚኣ ኸኣ ናይ መወዳእታ ከም ትገብራን ገለን ለፍሊፋ ኣእሚናትኒ። ከይደ - ኣብ ሓዊ ኸኣ ኣትየ።

ዝፈልጦ ወዲ ኰይኑ ጸኒሑኒ። ዝፈልጦ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ንልበይ ኣብ ዝጸገንክሉ ግዜ ዘፍቀርክዎ ወዲ'ውን እዩ። ኣብ ስራሕና እንተ ሓመቐ ኣብ ሰሙን ሰለስተ መዓልቲ ንራኸብ ኢና። ስምዒታተይ ተጋዲለ ሓቢአ ኣዕሊለዮ፣ ብሰላም ተፈላልየ። ኣብዘን ውሑዳት መዓልታት ሙኒ ለውጢ ገይራ። ንሳ'ውን ኣፍቂራቶ! ኣካይዳኣ ዝሐሉ። ነዚ ነገር ክቕበሎ ነይሩኒ። ነብሰይ ክእብድ፡ ካብ ኵሉ ህይወተይ ንኽልተ ቐነ ተፈልየ፣ ምስ ነብሰይ ዘትየ። ሙና ማሓዛይ'ያ፣ ህይወታ ይመሓሸ ኣሎ፣ ናይ ቀደም ባህራ ክምለሳ እርእዮ ኣለኹ፣ ካብዚ ዝዓቢ የለን ኢለ ንልበይ ዓሚጸያ። ሙናይ ይፈትዋ'የ፣ ምሉእ ይግበረላ! ንዓይ ከኣ ኣኽኣሎ ይሃበኒ ዳየረይ!!

**ሰሚራ ዓብደልቃድ**

**- ደቀምሓረ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፈሸን ኣፈወርቂ ተሰፋይ ምባል ተረፉ፥ ፈሸን ኣፈወርቂ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣቦ ናይ ኣደይ ስመረ ምባል ተረፉ፥ ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዓንደማርያም ኣደከመ ተሰፋይ፥ በዓልቲ ቤተይ ትርሓስ በርሀ ደሞዝ ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ህያብኤል ክብሮም ገብረትንሳኤ ምባል ተረፉ፥ ህያብኤል ሄኖክ ፍቓዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ወረ/ሰወእ የውሃንስ ተ/ሚካኤል - ሄኖክ የውሃንስ፥ ተኸሰስቲ ወረ/ሰወእ የውሃንስ ተ/ሚካኤል 1.ሃብል የውሃንስ 2.ሚሪ የውሃንስ 3.ኣዳም የውሃንስ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን28/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ፡፡

ከሳሲ ወረ/ኣፍ ገብረማሳቀል ሃ/ማርያም፡ ኣቶ ግርማይ ገብረማስቀል፥ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ዑቕብኣብ ገብረማስቀል 2.ወ/ሮ ሊችያ ገብረማስቀል 3.ወ/ሮ በላይሽ ገብረማስቀል 4.ወ/ሮ ምሕረት ገብረማስቀል ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን2/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ኣዝመራ ጺጋይ፥ በዓል ቤተይ ኣብርሃም ዑቕባሚካኤል ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ያእቆብ ይግዘው ተፈራ ኣዴና ሙሉእሽ ፍስሃ በርሀ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ወረ/ፍ/ሂር ወልደእየሱስ ሃ/ማርያም፡ ወረ/ፍ/ሂር ኣብራሃሜን ኪዳ፥ ወረ/ፍ/ሂር ተኸስተ ወልደእየሱስ፥ ኣቶ የውሃንስ ተኸስተ ወልደእየሱስ፥ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ሂር ወልደእየሱስ ሃ/ማርያም፡ወረ/ፍ/ሂር ኣብራሃሜን ኪዳ፥ ወረ/ፍ/ሂር ተኸስተ ወልደእየሱስ፥ 1.ሃብቶም ተኸስተ 2.እስጢፋኖስ ተኸስተ 3.ሚካኤል ተኸስተ 4.ኣስፍሃ ተኸስተ 5.ሄለን ተኸስተ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ፡፡

ዳኒኤል ገብረስላሴ ዓለሙ፡ ኣቦይ ገብረስላሴ ዓለሙ ማተዎስ ስለዝሞተ፥ ንወላዲትና ናይ መጻምዲ ማስለ ይተሓለወላ፥ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ማተዎስ ኣርኣያ ከታይ፥ ሓወይ ኣቶ ዳኒኤል ኣርኣያ ከታይ ንወጻኢ ሃገር ኣሉ ኣብ 10/7/2007 ምስ ወጸ ደሃይ ስለዘይብሉ፥ ጥፉእ ምኳኑ ይወሰነለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ፍደራ ትረላ ኣርበርቶ፡ ወኪል ኣቶ ቢንያም ሃብተጻዮን፥ ኣደይ ኣና ሎንረ ኣንቲረላ ተከኤን ዓጸዩ ማርያ ናእሚ ሽደቡሎንሪ ስለዝሞተፋ፥ ኣነ ወረሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ተከስተ ደበሳይ ዘርኡ፥ ወረ/ፍ ዑቕባዝጊ ግደ፥ ወረ/ፍ ግደይ ዑቕባዝጊ ወረ/ፍ ናይዝጊ ዑቕባዝጊ ስለዝሞተፉ፥ ኣነ ምስ ኣሕዋተይን ደቂ ኣኮይን 15 ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣብርሃም ተኽልኣብ ኣስፍሃ ምባል ተረፉ፥ ሳምሶም ተኽልኣብ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26//6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሂወት ገብረሚካኤል ወልደገብርኤል ምባል ተረፉ፥ ዊንታ ገብረሚካኤል ወልደገብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18//6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑቕባይ የማን ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፥ኣቦዲ የማን ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26//6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍረወይኒ ኣብርሃም ወልደሩፋኤል ምባል ተረፉ፥ ፍናት ኣብርሃም ወልደሩፋኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10//7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ ተኽለዝጊ፥ ተኸሳሲ ቴድሮስ መብራህቱ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን3/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ኣፍልጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሜላት ተስፉ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ኤፍሬም ገብረሂወት፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሄት ሃብተስላሴ ህብተማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍስሃ ተወልደ ህብተማርያም፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን2/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ምንያ ብርሃነ ኣብርሃ ምባል ተረፉ፥ ምንያ ተሰፋይ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ህዳኣት ኤርምያስ ሃብተሚካኤል ምባል ተረፉ፥ ኣድያም በየነ በዘበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መርየም ኣሰብ ዓሊ ምባል ተረፉ፥ መርየም ኸሱብ ዓሊበኺት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ተፈረ ዘረፈ ሓጎስ፥ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣብረሀት ገብረስላሰ ገብረገርግስ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣምና እብራሂም ዑመር ምባል ተረፉ፥ ሞምና ኣብሩሀም ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ለተዝጊ ብርሃ፥ ኣቦ ደቀይ ኣቶ ኣንቴንጆ ያቆብ ብዕለት 29/5/23 ኣብ ሱዳን ምስ ተፈላለና ክሳብ ሎሚ ደሃይ ስለዘይብለይ፥ ናይ 2 ደቀይ ሞግዚትነት ክረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን ዞባ ዓንሰባ

ወ/ት ሰዚ ሀዳድ ዓንዱ፥ ሓዳስ ዓንዱ ሀዳድ ስለዝሞተት፡ ኣብ ቀዋሚ ኮነ ተንቀሳቓሲ ንብረት ኣነ ጥራይ ወረሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ወለደይ 1.ኣቶ ግደይ ተኽለገርግሽ ዳምር 2.ወ/ሮ ኑብያት ብርሃ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ከባቢ ኣኽርያ ፍሉይ ስሙ ዐብል ጎደና 135 ቁ.ገዛ 1 ጠቕላላ ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜ ቁሎታ F ቁ.ፓርቸላ 14 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ናይ ዋንነት መረጋገጺ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 119295 መወከሲ ቁጽሪ 126362 ብስሞም ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብህያብ ስለዝሃቡኒ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝመደብኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣስቴር ግደ ተኽለገርግሽ

---

ኣነ ምንያ ኣርኣያ ኣብርሃ ዝተባህልኩ፥ ብስም በዓል ቤተይ ነፍሲሄር ኪዳነ ተስፋስላሰ ኣብርሀ ወረቐት ምስክር ቁጽሪ 216 ካርድ ኣባልነት ናቕፋ ኮርፖረሽን ስለዝጠፋኣኒ፥ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ሞባይል 07519767 ክሕብረኒ፣ እንተዘይሮይኑ፥ መተካእታኡ ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

ምንያ ኣርኣያ ኣብርሃ
ወኪል ዘፋን ኣብርሃ ዓንደሚካኤል

---


ቀንዴል

1.ትምህርቲ መካኒክ
ብክልስ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምህራን

2.ኮምፒተር
3. ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ
4. ግራፊክስ

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ክም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።
ኣድራሻና፡- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል
ቁ.ስ 121571/ 07207798/ 07325197




ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ

CHECK-UP

ዘርእስታ መጽሓፍ
ንተማሃሮ 6ይ, 7ይ, 8ይ ክፍሊ
ኣብ ዓይነት ትምህርቲ

- እንግሊዝኛ
- ማሕበራዊ ትምህርቲ
- ቊጽሪ
- ትግርኛ
- ስነ-ፍልጠት
- ዜግነታዊ ትምህርቲ




ልዕሊ 7000 ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ንዝበለጸ ሓበሬታ፥
07152627 ወይ 07151337 ተወከሱ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

# VACANCY ANNOUNCEMENT

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Carpenter
Number required – (03)
Type of contract – definite (3 months)

Major Duties and responsibilities.
• Perform all wood work to support construction including building formworks and roof wood works.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

• Read blueprints, drawings and sketches to fully grasp requirements
• take measurements and calculate the size and amount of wood material needed \cut, shape and smooth lumber and other material (e.g. fiber glass) according to measurements
• build window frames, doors, staircases and frame buildings by using raw wood materials or pre-constructed items
• lay out floorings, roofing's or drywalls ensuring they are leveled and compatible
• carve and assemble furniture, cabinets, shelves and other items and install them where designated
• inspect places and conduct repairs or maintenance
• build scaffolding and other construction structures

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

• Diploma/ Trade Certificate in carpentry
Working Experience – Nature & Length
• A minimum of 5 years' in similar role
• Demonstrable ability to interpret building and construction
Technical Skills
• Ability to manage one's own activities on or ahead of schedule and on or below budget.
• Excellent communication, interpersonal and presentation skills.
Behavioral Skills
• Ability to interpret construction drawings

Data Clerk
Number required – (01)
Type of contract – definite (3 months)

Major Duties and responsibilities.
• Coordinate and monitor all phases of construction activities and provide support for estimation and procurement of construction materials.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS
• Coordinate, monitor and inspect work of construction contractor for assigned projects.
• Review contract documents, architectural drawings and specifications to maintain familiarity with assigned projects and insure construction contractor's full understanding of documents.
• Review contractor shop drawings and provide comments on conformance/non-conformance to architect.
• Act as liaison between architect and contractor.
• Conduct on-site observation and spot-checks of work in progress
• Ensure contract compliance by the contractor, such as conducting tests specified in contract and installing materials/ equipment as specified in contract, and report deficiencies to project Manager, architect and contractor.
• Provide reports on all on-site matters, including third party inspections, progress, safety concerns, and causes for delay.
• Maintain job-site files, documents, reports and daily log; prepare periodic reports.
• Attend all job-site meetings as representative or in conjunction with construction Manager.
• Review requests for progress payments submitted by construction contractor and forward with recommendations.
• Perform related duties as assigned.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

• Diploma/Trade Certificate in Construction or equivalent
Working Experience – Nature & Length
• A minimum of 5 years' experience in similar role
• Demonstrable ability to interpret building and construction
Technical Skills
• Ability to manage one's own activities on or ahead of schedule and on or below budget.
• Excellent communication, interpersonal and presentation skills
Behavioral Skills
• Ability to interpret construction drawings

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: definite Period (3 months)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## "ሕልመይ ጋህዲ ኮይኑ" ምባፐ

### ሮናልዶ፡ ካሲያስ፡ ሚሊታኦን ካልኦትን ንምባፐ ...

ዝሓለፈ ሰኑይ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ምስ ሪያል ማድሪድ ዝፈረመ ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ኪልያን ምባፐ፡ "ሕልመይ ጋህዲ ኮይኑ" ክብል፡ ንመስርሕ ምስግጋሩ ገሊጹ።

መስርሕ ምስግጋር ምባፐ ናብ ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ ዘመናዊ ኩዕሶ እግሪ ሓደ ካብቶም ዝወሓዱ ኣዛረብቲ መስርሓት ምዃኑ ይንገር። ኣብ 2017 ካብ ሞናኮ ናብ ፒኤስጂ ዝተጸምበረ ምባፐ፡ ድሕሪ ወሰናት ዓመታት እዩ ኣብ ራዳር ማድሪድ ኣትዩ።

ብፍላይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ ማድሪድ ከተፈርሞ ዝከኣላ ከምዝነበረትን ሚልዮናት ከምዝሰልዓትሉን ይንገር። ኣብ ክረምቲ 2022 ውዕሉ ይውድእ ብምንባሩ ከኣ፡ ብናጻ ናብ ሕቖፉ ከተእትዎ እያ ተባሂሉ።

ይኹን'ምበር፡ ምባፐ፡ ሓዲሽ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ብምፍራሙ፡ ባህጋ ክሰምረላ ኣይከኣለን። እቲ ውዕል ግና፡ ናይ ክልተ ዓመታት ምዃኑን እታ ሳልሰይቲ ብድሌቱ እትፍረም ምዃናን ድሒሩ ከምእተፈልጠ ይዝከር። ሃ ክሳብ 2025 እተጸንሖ ብናቱ ምርጫ እትፍረም ውዕል ብምእባዩ ከኣ፡ ኣብዚ ዝተዛዘመት ወቕቲ ምስ ሰበስልጣን እታ ጋንታ ክጕራፈጥ ተቐሲቡ እዩ። ዕጮ ሓንፈፉ ድሌቱ ካብ ምግባር ግና፡ ዝዕንቅጾ ኣይነበረን።

በዚ ከኣ፡ ብውዕል ዝቐየድ ተጻዋታይ ብዘይምዃኑ፡ ናብታ ካብ ግዜ ንእስነቱ ጀሚሩ ከምዝብህጋ ዝገለጸ ሪያል ማድሪድ ተሰጊሩ ኣሎ። "ናብታ ናይ ሕልመይ ክለብ ክጽምበር ኣዝዩ ዘሐጉሰኒ ዘኹርዓኒ እዩ። ሕጂ ማዕረ ክንደይ ተሃንጥየ ኣለኹ - ዝኾነ ሰብ ክርድኦ ኣይክእልን እዩ። ማድሪዳውያን ክርእየኩም ተሃዊኸ ኣለኹ። ንዝነበርኩምለይ ደገፍ ከኣ ኣመስግን።" ክብል፡ ባህጉ ከምዝሰመረሉ ገሊጹ። ኣብ ልዕሊ ሮናልዶ ሕሉፍ ፍቕሪ ከምዝለዎን ከምኣርኣየኡ ዝርእየን ምባፐ፡ ኣብ 2012 ናብ መለማመዲ ሜዳ ማድሪድ ቫልደባስ ምስ በጽሐ፡ ምስ ሮናልዶ ዝወሰዳ ስእሊ ኣሰንዩ እዩ መልእኽቱ ሰዲዱ።

ዝሓለፈ ቀዳም መበል 15 ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝዓተረት ማድሪድ፡ ሃ ብሉጽ ተጻዋታይ ምፍራማ፡ ንዘለዋ ሓይሊን ዓይነታውያን ተጻወትቲን መሊሱ



ዘበርኽ እዩ። ንዓመታት - ንምባፐ፡ ምስቶም ናይዚ እዋን ዝበለጹ ተጻወትቲ ቪንሰዩስ፡ በሊንግሃም፡ ሮድሪጎ፡ ቫልቨርደ፡ ካማቪንጋ፡ ቸመኒን ካልኦትን ኣሌፍና እትመጽእ ሪያል ማድሪድ ደማ፡ ብኢጋኡ ኣቓልቦ ስሒባ ኣላ፡ ምስ ምድኻም'ታ ፋይናንሳዊ ጸገም ገጢምዋ ዘሎ ባርሳ ከኣ፡ ማድሪድ ንላ'ሊጋ ክይትዕብልሎ ዝኾነሉ ተንተንቲ'ውን ኣለው።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ቀደም ደንቂ ተጻዋታይ እዛ ጋንታ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ "እንታደየም በርናቡ ክተብርህ ክርእየካ ሓገስ እየ ምዃ" ክብል፡ ምምጻኡ ከምዘሐጎሶ ገሊጹ። ሓላዊ ልዳታ ዝነበረ ኣይከር ካሲያስ፡ "እንቋዕ ናብዞ ዝበለጸት ክለብ ዓለም መጻእካ፣ ንመበል 16 ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምዕታር ምኽኣ መገዲ ክጅመር እዩ።" ክብል እንከሎ፡ ሓለውቲ ልዳት እዛ ጋንታ ካርቱርን ሉኒንን ከምኡ'ውን ሚሊታኦን ንምባፐ ወዲ ሃገሩ ካማቪንጋ፡ ዛጊት ሰናይ ትምኒቶም ዝገለጹሉ እዮም።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ፒኤስጂ ቁጽሪ 7 ኣብ ሃገሩ ከኣ ቁጽሪ 10 ዝለብስ ምባፐ፡ ኣብዛ ሓዳሽ ጋንታኡ ቁጽሪ 9 ክለብስ ምዃኑ ተሓቢሩ፣ ምኽንያቱ፡ ቁጽሪ 7 ቪንሰዩስ ቁጽሪ 10 ድማ ሞድሪች ሒዞመን ብምህላዎም። ናይ ሓንቲ ዓመት ውዕል ክፍርም ምዃኑ ዝንገረሉ ሞድሪች ምስ ተፋነወ ግና፡ ካብ ምጅማር 2025-26 ናብ ቁጽሪ 10 ክምለስ ትጽቢት ይግበረሉ - 1 ሓምለ ናብ ማድሪድ ዝጽምበር ምባፐ።

## ሮናልዶ፡ ንኽልተ ናይ ቀደም ደቂ-ጋንታኡ ከእምኖም ይፍትን

ነታ ብመዘዙት ሓለቓ ጋንታ ዝመርሓ ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ነስር ንምጕልባት ድሌት ዘለዎ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ንኽልተ ናይ ቀደም ደቂ ጋንታኡ - ካሲሚሮን ናቾን ናብ'ዛ ጋንታ ንኽጽምበሩ ንምእማኖም ባዕሉ ከምዝረኸቦም፡ ጋዜጣ ማርካ ሓቢራ።

ሮናልዶ፡ ዋላ'ኳ ብውልቂ ብሉጽ ብቕዓት የርእን ብዙሕ ሸቶታት የመዝግብን እንተሃለወ፡ ጸዋታት ኣብ ምዕታር ግና፡ ከምቲ ዝድለ ኣይተዓወተን፣ ዋላ እውን ዋንጫ ኤሽያ እንተዓተረ። ኣል-ነስር፡ ክልተ ግዜ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዝተፈላለዩ ውድድራት ብቐንዲ መቐናቕንታ ኣል-ሂላል ክትሰዓር ተቐሲባ እያ። ኣብ 2023-24 ናይ ሊግ ውድድር ከኣ፡ ካብ ዕወትቲ ኣል-ሂላል 14 ነጥቢ ድሕሪ ካልኣይቲ ኮይና ዛዚማ።

ብፍላይ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ዋንጫ ንጉስ ብፍጹም ቅላዕ በዚ ክለብ ክሰዓር ዘይተጻወሮ ሮናልዶ፡ ብጉበዖት ክሕጸብ እዩ ተራእዩ። ንህሉው ቁመና ጋንታኡ ምስ ኣል-ሂላል ንምድራግ ድማ፡ ኒዮም ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ሪያል ማድሪድ እንከሎ ዝፈልጦም ካሲሚሮን ናቾን ክጽምበርዎ ከእምኖም ፈቲኑ።



ካብ 2013 ክሳብ 2022 ማልያ ማድሪድ ዝለበሰ ብራዚላዊ ካሲሚሮ፡ ኣብዚ እዋን ንማን ዩናይትድ ይወክል ምህላዉ ይፍለጥ። ብመሰረት ጸብጻባት ድማ፡ እዚ ቤታ ናብ ኮፓ ኣመሪካ እተቐንዕ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ዘይተመርጸ ኣከፋፋሊ፡ ካብዛ እንግሊዛዊት ክለብ ኣብዚ ክረምቲ ክፋኖ ይኽእል እዩ።

ብተመሳሳሊ ዝሓለፈ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘልዓለ ሓለቓ ጋንታ ሪያል ማድሪድ ናቾ'ውን፡ መጻኢኡ ንጹር ከምዘየለን ኣብዚ ክረምቲ ካብዛ እስጳኛዊት ክለብ ክወጽእ ከምዝኽእልን ግምት ኣሎ። ፍርያት ኣካዳሚ ማድሪድ ዝኾነን ብዘይካ ማልያኣ ናይ ካልእ ክለብ ማልያ ዛጊት ዘይለበሰን ዘሎ ናቾ፡ ሓደ ካብቶም ተኻፈልቲ ጸጋታት ማእከላይ ምብራቕ ክኸውን ይኽእል እዩ - ብመሰረት ጸብጻባት።

## ሬድናፕ ...

ናይ ቀደም ዓለሚ ቶተንሃም ሃሪ ሬድናፕ፡ ሓዲሽ ኣባል ሪያል ማድሪድ ኪልያን ምባፐ፡ ኣብቲ ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል መሲን ዝጸሕዎ መሳልል ክበጽሕ ከለሚተረት ተሪፍዎ ምህላዉ ገሊጹ።

ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ናይዚ እዋን ምዃኑ ዝገለጸ ምባፐ፡ ኣብቲ ሮናልዶን መሲን ዝጸሕዎ ልዑል ደረጃ ክበጽሕ ከምዝኽእል፡ ብበዙሓት ተንተንቲ ይግለጽ።

"ምባፐ፡ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ" ዝበለ ሬድናፕ ግና፡ "ኣብዚ እዋን ምስ ሮናልዶን መሲን ኣይሰርሃን እዩ። ንሱ፡ ከምቶም ን15 ዓመታት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝተጻወቱ (ሮናልዶን መሲን) ክኸውን ከለሚተረት ተሪፍዎ ኣሎ።" ኢሉ።

ብዘይካዚ፡ እዚ እንግሊዛዊ ወላ'ኳ ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ምባፐ ብሉጽ ተጻዋታይ ክበሃል ከምዝኽእል እንተገለጸ ንሱ ግና፡ ምስቶም ዝዓበዩ ዝውክሉ ሃሪ ኬን ጁድ በሊንግሃምን ፊል ፎደንን ከምዝውዳደር ሓቢሩ።

እዞም ሰለስተ እንግሊዛውያን ተጻወትቲ፡ ኣብዛ ዝተዛዘመት ወቕቲ ብሉጽ ብቕዓት ከምዝነጸብረቑ ይዝከር። ቀዳመይቲ ዓመት ምስ ባየር ሙኒክ ዘሕለፈ ኬን፡ ወላ'ኳ ብዘይ ዋንጫ ይዛዘም፡ ብ36 ሸቶታት ግና፡ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ቡንደስሊጋ ተጸዊዑ እዩ።

ብተመሳሳሊ ቀዳመይቲ ዓመት ምስ ሪያል ማድሪድ ዝተጻወተ በሊንግሃም ከኣ፡ ብጽኑዕ ዝወቀበት ወቕቲ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣሕሊፉ። ዝበለጸ ተጻዋታይ ላ'ሊጋ ዝተጸውዐ ጁድ፡ ጸዋታት - ላ'ሊጋን ሱፐር ኮፓ እስጳኛን ሻምፕዮንስ ሊግን ምልዓሉ እዩ። ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ ፊል ፎደን ድማ፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ክልዕል እንከሎ፡ ዝበለጸ ተጻዋታይ እቲ ሊግ ከኣ ተባሂሉ።



እዞም ሰለስተ መንእሰያት ኣጥቃዕቲ፡ ሃ ኣብ 1966 ዋንጫ ዓለም ድሕሪ ምልዓል ን58 ዓመታት ዝኾነ ጸዋእ ኣስተማቒራ ዘይትፈልጥ እንግሊዝ ጽምኣ ክርውያላ ድማ፡ ልዑል ትጽቢት ተነቢሩሎም ኣሎ። ጀርመን እተሰናድኦ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024፡ ካብ 14 ሰነ ክሳብ 14 ሓምለ እዩ ክሳለል።

## ፓላስ፡ ንካማዳ ኣፈሪማቶ

ተጻዋታይ ላዚዮ ዳይቺ ካማዳ እንግሊዛዊት ክለብ ክሪስታል ፓላስ ከተፈርሞ ሕክምናዊ መርመራ ጥራይ ተሪፉዎ ምህላዉ ተቓሊሑ።

ዝሓለፈ ዓመተ-ስፖርት ብናጻ ናብ ላዚዮ ዝተጸምበረ ካማዳ፡ ኣብ ፓላስ ክሳብ ሰነ 2026 ዘጸንሖ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል እዩ ፈሪሙ ዘሎ።

እዚ ጃፓናዊ፡ በዚ ሓዲሽ ናይ ጸወታ ግዜኡ፡ ምስ ናይ ቀደም ዓላሚኡ ናይ ሕጂ ኣሰልጣኒ ክሪስታል ፓላስ ኦሊቨር ግላስነር ዳግማይ ክጽምበር እዩ። ግላስነርን ካማዳን ኣብ ጀርመናዊት ክለብ ኢንትራኽት ፍራንክፈርት እዮም ብሓባር ነይሮም።

## ማን ዩናይትድ፡ ጉዳይ ምስታፍ ኣብ ሊግ ኤውሮጳ ...

ብጉዳይ ተመሳሳሊ ዋንነት ካብ ኤውሮፓ ሊግ ክይትብኮር ሰጊኣ ዝጸንሐት ማን ዩናይትድ፡ ኣብቲ ውድድር ክትሳተፍ ብምግሕባር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ከምዝተፈቕደላ ተቓሊሑ።

ብመሰረት ሕጊ ዩኤፋ፡ ሓደ ዝዋንኖን ክለባት ኣብ ሓደ ኤውሮጳዊ ውድድር ክሳተፉ ኣይፍቀደን እዩ። እዚ ማለት፡ ክልተኣን ክለባት ኣብ ሓደ ኤውሮጳዊ ውድድር ክሳተፉ ዘኽእለን ደረጃ እንተሓዘ፡ እታ ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገራዊ ውድድር ወይ ሊግ ዝተሓተ ደረጃ ዝሓዘት ክለብ፡ ካብቲ ውድድር ናብ ትሕቲኡ ዘሎ ኤውሮጳዊ ውድድር ትወርድ።

በዚ መሰረት፡ ነሱ ኣብ ሊግ 1 ፈረንሳ፡ ሓመሻይቲ ብምውዳኣ፡ ዩናይትድ ግና፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ሻመናይ ደረጃ ሒዛ ብምዝዛማ፡ ካብ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ክትእለ ምኽንያት እዩ ዝገለጽ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ኤፍኤ ካፕ ብምዕዋታ ኣብ ኤውሮፓ ሊግ ናይ ምስታፍ ዕድል ዝረኸቡ ወነንታ፡ ነዚ ጉዳይ ክፈትሕዎ ምዃኖም፡ ኣቐዲሞም ብርእሰ ተኣማንነት ክገልጹ ጸኒሖም እዮም።

ከም ጸብጻብ ጋዜጣ ዘ ታይምስ ግና፡ ዩኤፋ፡ ንዩናይትድን ኒስን ኣብ 2024-25 ኣብ ኤውሮፓ ሊግ ክሳተፉ ፈቒዱለን ኣሎ። እንተላይ ኣሕዋት ክለባት ዝበዛላ ማን ሲቲን ጂሮናን እውን፡ ተመሳሳሊ ዕድል ከወሃበን ምዃኑ ይግለጽ። ኣካል እቲ ንሲቲ ዝውንና ትካል ዝኾነት እስጳኛዊት ክለብ ጂሮና፡ ኣብ ላ'ሊጋ ሳልሰይቲ ብምውዳኣ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ዕድላ ኣጣቢሓ እያ። ሲቲ፡ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ብምዃና ግና፡ ጂሮና፡ ናብቲ ካልኣይ ኤውሮጳዊ ውድድር 'ኤውሮፓ ሊግ' ክትወርድ ይግብኣ ነይሩ - ብመሰረት እዚ ሕጂ ሕድገት ገይሩ ዘሎ ሕጊ። እዚ ፍታሕ፡ ንዓመተ-ስፖርት 2024-25 ከም መሰጋገሪ ምዃኑ'ውን እቲ ጸብጻብ የረድእ።



### ቅንጥብጣብ

* ፕራደ ዝስሙ ዳይረክተር ክለብ ፊዮረንቲና፡ ብልቓሕ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝጻወት ዘሎ ኣብሎም ሶፊያን ኣምራብት፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ክጸንሕ ድሌት ዘለዎ ኮይኑ ከምዝሰምዖ ገሊጹ።

እዚ በዓል ስልጣን፡ "ኣምራብት ምሳና ክጸንሕ እየ ዝደልየ፣ ንሱ ግና፡ ዝተፈልየ ሓሳብ ዘለዎ ይመስለኒ። እንተኾነ፡ ዛጊት ማን ዩናይትድ ዝኾነ ዝበለትና ነገር የለን።" ኢሉ። እዚ ወዲ 27 ዓመት እናኣከፋፈለ ዝከላኸል ሞሮካዊ፡ ኣብ መስከረም 2023 ብልቓሕ ካብ ጥልያን ናብ እንግሊዝ ምግዓዙ ይዝከር።

* ዝለዓለ ደረጃ ዘለዎ ሓላዊ ልዳት ንምምጻእ ዝሰርሕ ዘሎ ሊግ ስዑዲ ዓረብ፡ ንሓላዊ ማዕጾ ሊቨርፑል ኣሊሶን ቤከር ኣብ ራዳር ኣእትይዎ።

ኣሊሶን፡ ካብዚ ሊግ ተገዲስኩ ክረክብ ናይ ፈለማ እኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብዚ ክረምቲ ግና፡ ኣወናዊ ኣዝዩ ግዚፍ መጠን ገንዘብ ብምቕራብ ክሓብብልዎ ከምዝፍትኑ ይሕበር። ተጻወትቲ፡ ናብቲ ሊግ ኣብ ዘለዋ ክለባት ንምስግጋር ብደረጃ ሃገር ዝሰርሕ ሊግ ስዑዲ ዓረብ፡ ኣብዚ ክረምቲ'ውን ተመሳሳሊ መስርሕ ክጥቀም ትጽቢት ይግበረሉ - ከምቲ ናይ ዝሓለፈ ክረምቲ ብርክት ዝበሉ ህቡባት ተጻወትቲ ካብ ኤውሮጳ ዘጓዓዘ መስርሕ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ስሪላንካ - ብሰንኪ ብርቱዕ ዝናብ ኣብያተ-ትምህርቲ ተዓጺየን

ኣብ ስሪላንካ ብዘኸተለ ብርቱዕ ዝናብን ሓደጋታት ምህምም መሬትን ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ - ናብ 16 ክብ ድሕሪ ምባሉ፣ ኣብታ ሃገር ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ክዕጸዋ መንግስቲ ኣዊጁ።

ኣብታ ደሴታዊት ሃገር ብዘወሰኸ፣ ካልኦት ቁጽርም ብዘጼር ዘይተፈልጡ ሰባት ብፍርሰራስ ተጸቒጦም ደሃዮም ተሳኢኑ ከምዘሎ ይሕበር።

እዚ ብኣማኢት ኣሽሓት ንዝቑጸሩ ሰባት ብኣሉታ ጸልዩ ዘሎ ኩነታት ኣየር ኣብ'ታ ሃገር ክሳብ ዝመሓየሽ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ንግዚኡ ተዓጽየን ከምዝጸንሓ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ስሪላንካ ሓቢሩ ኣሎ።

ካብ 20 ክሳብ 25 ኣውራጃታት በቲ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ከምእተጸልዋ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣብተን ኣውራጃታት ከቢድ ማሕበራ-ቁጠባዊ ቅልውላው ተኸሲቱ ከምዝሎ ገሊጾም።

እቲ ብርቱዕ ዝናብ ብዘወሰኸ፡ ኣብ መንበሪያ ምድሪን ኣብይትን እውን ከቢድ ዕንወት ከምዘውረደ እዩ ዝሕበር።

ልዕሊ 12 ሽሕ ኣብይቲ ምሉእ ብምሉእ ከምዝፈረሱ ዝጠቐሱ ሰብኣማዚ እታ ሃገር፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት ኣብተን ብከቢድ ዝተሃስያ ከባቢታት ተዋፊሮም ከምዝለው ገሊጾም።



## ''ፓኪስታን፡ ዝተመሓየሸ ቀረብ ጸዓት ምስ እትቕርብ 175 ሽሕ ሰባት ክድሕኑ እዮም'' ዩኒሴፍ

ኣብ ፓኪስታን፡ ኣብ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ዝጎበር ምምሕያሽ ቀረብ ጸዓት - ናይ ልዕሊ 175 ሽሕ ሰባት ሂወት ክድሕን ከምዝኽእል ትካል ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ኣፍሊጡ።

ኣብ ፓኪስታን ኣብዚ ሕጂ እዋን ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት፡ ትሑት ብቕዓት ዘለወን ሆስፒታላት ግቡእ ኣገልግሎት ክህባ ብዘይምኽኣለን፡ ኣብታ ሃገር ዛጊት ቁጽሮም ብዘጼር ዘይተገልጹ ሰባት ይሞቱ ከምዝለዉ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

በዚ ኸኣ ፓኪስታን፡ ምምሕያሽ ቀረብ ጸዓት ናይ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ቀዳምነት ሰሪዓ ግዚፍ ወፍሪ ብምግባር - ሞት ናጽላታትን ህጻናትን ኣዴታትን ክተጉድል እዩ ትካል ዩኒሴፍ ዝጸውዕ ዘሎ።

ፓኪስታን ሓንቲ ካብ'ተን ቀዳሞት ብክሊማዊ ለውጢ ብኣሉታ ዝጠቕዓ ሃገራት ምዃና ዝሓበረ ትካል ዩኒሴፍ ብዘወሰኸ፡ ኣብታ ሃገር ብሰንኪ ዘሎ ዘይተመሓየሸ ቀረብ ጸዓት፡ ኣብ ዝሓለፈት ዓመት ብውሕዱ 1739 ሰባት ከምዝሞቱ ጠቒሱ።

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝውደቡ ናብ ምጉዳል በሊሒ ጋዝ ዘተኩሩ ዋዕላታት፡ ንውልቃውያን ሃገራት ዘበድሑ ብዘይ ምዃናም፡ ዓመታዊ - ክሊማዊ ምምዛባል ዝጠንቁ ሓደጋታት ብተደጋጋሚ ከምዝኸስትን፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ግዳይ ሞት ከምዝኾኑን ይሕበር።



## ደቡብ ኮርያ፡ ምስ ሰሜን ኮርያ ዝጸንሓ ወተሃደራዊ ስምምዕ ትስርዝ



መንግስቲ ደቡብኮርያ፡ ነቲ ኣብ 2018 ምስ ሰሜን ኮርያ ዝተኸተመ ወተሃደራዊ ስምምዕ ከምዝሰረዞ ኣፍሊጡ።

ብፍላይ ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ፡ ደቡብ ኮርያ ብተግባራት ሰሜን ኮርያ ተቖጢዓ ምህላዋ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ደቡብ ኮርያ፡ ኣስታት 3,500 'ረሳሕ ነገራት' ዝመልኡ ጃንጥላታት - ካብ ሰሜን ኮርያ ከምዝመጽኣ/ከምዝተላእካ ትሕብር።

ገለ ክፋል ናይ'ቲ ኣብ 2018 ዝተኸተመ ወተሃደራዊ ስምምዕ ክልቲአን ሃገራት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከምዝሰሓለ ዝሓበረ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ - ነቲ ስምምዕ ምሉእ ብምሉእ ከምዝሰረዞ ገሊጹ ኣሎ።

ሰሜን ኮርያ ዝሰደደቶ 15 ቶን ዝምዘን ጓሓፍ፡ መንግስቲ ደቡብኮርያ ብትሪ ከምዝኾነኖ ብምሕባር፡ በቲ ጸዩፍ ተግባር ኣዝዩ ከምእተቖጥዐ እዩ ገሊጹ ነይሩ።

እቲ ረሳሕ ነገራት - ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ናይ ሽቃቕ ወረቓቕቲ/ሶፍት፡ ናይ ፕላስቲክ ሳናጡ፡ ናይ ሽጋራ ጥቓታትን ረሳሕ ጨርቀ-መርቂን ኩይኑ፡ ንዓኡ ዝሓዙ ጃንጥላታት ኣብ ከተማ ሶል ከምዝወደቑ - ኣመሕዳሪ እታ ከተማ ገሊጹ።

ደቡብ ኮርያ፡ ዝኾነ ተመጣጣኒ መልሱ ግብሪ ክይዛብትሉ ከምዝይትድቅስ ኣጠንቂቓ ኣላ።

## ህንዲ - ብብርቱዕ ሙቐት 85 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ህንዲ ተኸሲቱ ብዘሎ ብርቱዕ ሙቐት፡ ኣብ ውሽጢ እዘን ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ጥራይ፡ ብውሕዱ 85 ሰባት ከምዝሞቱ - ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ኣብ ህንዲ፡ ሓድሽ ክብረ-ወሰን ዝሓዘ መጠን ሙቐት ከምእተመዝገበ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣብ ገለ ከተማታት መጠን ሙቐት ልዕሊ 52.9 ዲ.ሴ ከምዝበጽሐ ሓቢሮም።

ካብ'ቶም ዝሞቱ ሰባት እቶም 33፡ ኣብ ህንዲ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ድምጺ ኣብ ምእካብ ክሰርሑ ዝጸንሑ ምዃኖም ተፈሊጡ። በዚ ድማ መንግስቲ ህንዲ፡ ንስድራ-ቤት መዋቲ ናይ 18 ሽሕ ዶላር ካሕሳ ክህብ ምዃኑ ገሊጹ ኣሎ።

ኣብታ ሃገር፡ ካብ ወርሒ ሚያዝያ ክሳብ ሰነ እቲ ዝበርትዐ መጠን ሙቐት ክምዝገብ ከምዝኽእል፡ ክኢላታት ኣከባቢ ዝሓለፈ ወርሒ ኣጠንቂቖም ምንባሮም ይዝከር።

እዚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኤስያ ብፍላይ ኣብ ህንድን ፓኪስታንን ድማ ብፍላይ ጎሊሑ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት፡ ኣብ ነብሲ ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩ ከምዘሎ ይሕበር።

ዓለምለኻዊ ዋዒ ዝጠንቆ ማዕበላዊ ሙቐት፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ከቢድ ማሕበራ-ቁጠባዊ ቅልውላው የስዕብ ከምዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ብብርቱዕ ሙቐት ይሞቱ ከምዝለዉ ጸብጻባት የረድኡ።

ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ዘንጸላልወሉ ዘሎ ኩነት፡ ዓለማዊ ዋዒ፡ ካብ ዘመነ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ብ1.1 ዲ.ሴ እናዛየደ ይኸይድ ከምዘሎ ዝገልጹ ጸብጻባት፡ እቲ ኣሃዛ በዚ ዘለዎ ኣንፈት እንተደኣ ቀጺሉ፡ ሙቐት ዓለም ኣብ'ዚ ዘመን እዚ ብጠቕላላ ካብ 3.1 ክሳብ 3.9 ዲ.ሴ ወሰኽ ክርኢ ከምዝኽእል እዮም ዝእምቱ።



## ሩስያ፡ ኣብ ልዕሊ ብሪጣንያውያን እገዳ ኣጽዲቓ

ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዝተወሰኑ ፖለቲከኛታት፡ ጋዜጠኛታትን ክኢላታትን ብሪጣንያ ሓድሽ እገዳ ከምዝጸደቐት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሓቢሩ።

ሳዕስዓት ሰብኣማዚ ብሪጣንያ፡ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ዩክሬን ንምዕባይ ዘካይድዎ ዘለዉ ፈተነ ንዘምድና ሩስያን ብሪጣንያን ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ይወስዶ ከምዝሎ ዝጠቐሰ እቲ ሚኒስትሪ፡ ከም መልሱግብሪ ናይ'ዚ፡ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ብሪጣንያ እገዳ ከምዝወሰነት ኣፍሊጡ።

ብሪጣንያ ንፖለሲታት ሩስያ ዝጻረሩ ተግባራት ትኽተል ከምዘላ ዝገለጸ መንግስቲ ሩስያ፡ ንዩክሬን እትገብሮ ዘሎ ወተሃደራዊ ሓገዝ ብቕልጡፍ ደው ክተብሎ ደጊሙ ጸዊዑ።



ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ዩክሬን ካብ ብሪጣንያ ብዝረኸበቶ ኣጽዋር ተጠቒማ ኣብ ልዕሊ ሩስያ መጥቃዕቲ ምስ እተካይድ፡ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዒላማታት ብሪጣንያ መጥቃዕቲ ከምእትፍጽም ምጥንቃቓ ዝዘከር እዩ።

ኣብ 2022 እውን ሩስያ፡ ኣብ ልዕሊ 287 ብሪጣንያውያን ውልቀሰባት እገዳ ኣጽዲቓ ምንባራ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ብሪጣንያ፡ ካብ ለካቲት 2022 ኣትሒዙ 12.5 ቢልዮን ዩሮ ዝዋጋኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ንዩክሬን ብሓገዝ ከምዝሃበታ እዮም ጸብጻባት የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ | 5/06/24 | ጎደና ዓይት ቁ.ገዛ 17፣ከባቢ ሲነማ ሓማሴን | 123690 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services